# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.32 | ሰሉስ 8 ጥቅምቲ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሽልማት 'ኣውራ'፡ ጽባቐ ባህልና ዝተንጸባረቐሉ መድረኽ



ገጽ 3
"ንመንእሰያት ኢለ'የ ዝጽሕፎ ዘለኹ፡" ሲራክ ክፍለ



ገጽ 4
ውሑድ ነጥብታት ብዛዕባ ክብርታት



ገጽ 5
ምስ ወለደይን ስድራቤተይን ክራኽብ ሓግዙኒ

ገጽ 7
ደሃይ ኣትለታትና




# ከረን - ኣብ ዕቃበ ጥንታውያን ህንጻታት ዝተኰረ ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ



ኣብ ከተማ ከረን ዝርከቡ ጥንታውያን ህንጻታት፡ ማብቁዓለውትዖም ከዮጥፍኡ ንወለዶታት ክሰጋገሩ ምእንቲ፡ ግቡእ ክንክንን ዕቃበን ክግበረለን፡ ብ2ን 3ን ጥቅምቲ ኣብ ዝተኻየደ ዓውደዘተ መዘኻኸሪ ቀረበ።

ኣብ'ቲ ብምውህሃድ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ጨንፈር ምርምር ስነ-ጥንታዊ ወርሻን ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ዓንሰባን ዝተወደበ ዓውደዘተ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብኤርጋንን ሓለፍትን ዝንደሎ ኣተሓሕዛን መልክዖም ተደዊት ኣብ ኣሰካፊ ኩነታት ዝርከቡ ህንጻታት፡ ኣተሓሕዛኦምን ዕቃብኦምን ናይ ኩሉ ሓለፍትን ከምዝኾነ ኣገዚቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ሰራጅ ሓጂ ብወገኑ፡ ብዛዕባዞም ህንጻታት ስነ-ፍልጠታዊ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ንምኽያድ፡ ምስ ጨንፈር ምርምር ስነ-ጥንታዊ ወርሻ ተወሃሂዶም ክሰርሑ ምጅንሖም፡ እቲ ዓውደዘተ ድማ መቐጸልትኡ ምኳኑ ኣብሪሁ።

ኣብ ከተማ ከረን ካብ 1875 ክሳብ 1940 ንዝተሃነጹ ኣስታት 700 ታሪኻውያን ህንጻታት ኣለሊኻ ንምዕቃብ፡ ኣብ 2019 ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ምስ ፕሮጀክት ወርሻ ኣስመራ፡ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ዓንሰባን ከተማ ከረንን ብምትሕብባር ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብምኽያድ፡ ንምኽላሎምን ቀጻልነቶም ዘውሕስ ጽገና ክግበረሎምን መደብ ከምእተሓንጸጸ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዓውደዘተ፡ ምስ'ቲ ዛዕባ ምትእስሳር ዘለዎም 8 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ፡ ብጨንፈር ምርምር ስነ-ጥንታዊ ወርሻ፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባን ክቐርብ ከሎ፡ ተሳተፍቲ ንኩነታት'ቶም ህንጻታት ብኣካል ንምዕዛብ ዑደት ኣካዪዶምን ሓሳባት ኣቕሪቦምን።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ሃይማኖታዊ፡ ቁጠባዊ፡ ታሪኻውን ባህላውን ክብርታት ዝውንኑ ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎም ታሪኻውያን ህንጻታት ከተማ ከረን ጸጋ ሃገር ስለዝኾኑ፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ወነንትን ተገልገልትን ድማ ብፍላይ ኣብ ምክንኻኖምን ምዕቃቦምን ብዕቱብ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

# ኣስመራ - ብሉጻት ተመሃሮ ተሸሊሞም

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ኣብያተ-ትምህርቲ ሰማእታትን ደምባሰምባልን ኣብ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮኦን ብ5 ጥቅምቲ ሸሊመን።

ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሰማእታት፡ ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘመዝገቡ ኣባላት 36 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተመሃሮኣ ኣብ ዝሸለመትሉ ኣጋጣሚ፡ ካብ'ቶም ዝተፈተኑ 519 ተመሃሮ እቶም 60.7 ሚእታዊት ናይ ዲግሪን ዲፕሎማን ነጥቢ ከምዝምጽኡ፡ ርእሰ መምህርቲ ቤት-ትምህርቲ መምህር ብርሃ ወልዱ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዕለት ንሽልማት ካብ ዝበቕዑ 20 ምሉእ 4 ነጥቢ ዘምጽኡ ዝርከብዎም 115 ተመሃሮ፡ እቶን 65 ማለት 56.3 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ምኻነንውን ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ገጀረት ኣቶ ሃይለ መለስን ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ደቡባዊ ምብራቕ መምህር ኣብርሃሊዩ ኣረፋይንን ቡብወገኖም፡ ተመሃሮ ብዘመዝገብዎ ዓወት ከይተዛነዩ፡ ኣብ ዝቕጽል ናይ ኮሌጅ ህይወት ዕዉታት ኮይኖም ክወጹ ብሓያል ድርኺት ክጽዕሩ ጸዊዖም።

ብተመሳሳሊ - ኣብ'ቲ ዕለት፡ ቤት-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ደምባሰምባል፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ ካብ 3 ክሳብ 4 ምሉእ ነጥቢ ዘመዝገቡ 101 ተመሃሮ ኣባላት 36 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሸሊማ።

ርእሰ-መምህርቲ ቤት-ትምህርቲ መምህር ወረደብርሃን ዓይነታ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ካብ'ቶም ዝተፈተኑ 228 ተመሃሮ፡ 138 ናይ ዲግሪ፡ 44 ድማ ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ ከምዘመዝገቡ ኣብሪሁ።

ካብ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ደቡባዊ ምብራቕ መምህር ሓጎስ ኪዳነ ብወገኑ፡ ንብሉጻት ተመሃሮ ምሸለምን ኣፍልጦ ምሃብን ሞራላዊ ግዴታ ቤት-ትምህርቲ ምኻኑ ብምብራህ፡ ተሸለምቲ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ንምብጻሕ ጻዕርታቶም ከሐይሉ ኣዘኻኺሩ።





ስእሊ:-ሮቤል መረስዕ

# ሃገራዊ ባንክ ደም፡ ኣስታት 11 ሽሕ ከረጺት ደም ኣኪቡ

እኹልን ውሑስን ቀረብ ደምን ወጽኢት ደምን ንምርግጋጽ ክካየድ ብዘጽንሐ ወሃድ ጻዕሪ፡ ኣብ ቀዳሞት



8 ኣዋርሕ ናይ 2024 ኣስታት 10,900 ከረጺት ደም ከምእተለገሰ፡ ሜዲካል ዳይረክተር ሃገራዊ ባንክ ደም ዶ/ር የውሃንስ ተኸስተ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ዝተጠቕሰ ኣዋርሕ ኣስታት 10,400 ከረጺት ንምእካብ ውጥን ከምዝበረ፣ እንተኾነ ግን ምስ ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ብምትሕብባር ብዝተኻየደ ጻዕሪ 10,883 ከረጺት ክእከብ ከምእተኻእለ ዝጠቐሰ ዶ/ር የውሃንስ፡ እዚ 4.6 ሚእታዊት ልዕሊ'ቲ ውጥን ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ሳልሳይ ርብዒ ናይ 2024፡ ብሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታላት ኦሮታን ሓሊበትን፡ ከምኡ'ውን ብሆስፒታል ሰምበልን ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራን ካብ ዝቐረበ ጠለብ፡ ካብ 80 ክሳብ 91 ሚእታዊት ከምእተማልአ፡ ዶ/ር የውሃንስ ብተወሳኺ ገሊጹ።

ዝልገስ ደም ብቕዓቱን ውሕስነቱን ንኽረጋገጽ ዝተፈላለየ መርመራታት ከምዝካየደሉ ጠቒሱ ድማ፡ ኣብ'ቲ ዝተለገሰ ልዕሊ 10 ሽሕ ከረጺት ብዝተኻየደ መርመራታት፡ 0.04 ሚእታዊት ኤች.ኣይ.ቪ፡ 0.04 ሚእታዊት ወደቦ ዓይነት 'C'፡ 0.24 ሚእታዊት ወደቦ ዓይነት 'B'፡ 0.06 ሚእታዊት ድማ ፍንጣጣ ከምእተረኽበ ኣብሪሁ።

# ሽልማት 'ኣውራ'፡ ጽባቐ ባህልና ዝተንጸባረቐሉ መድረኽ

ሸዊት ገብረብርሃን
(ኣ.ዜ.ኤ - ዞባ ደቡብ)

ባህላውን ዘመናውን ትሕዝቶ ዝሓቑፈ ስነጥበብ ሃገርና ንምዕባዩ፡ ብዝተፈላለየ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ። ከም ኣካል'ዚ ጻዕሪ፡ ዝተፈላለዩ ውድድራት ስነጥበብ ክሰርዑ ጀሚሮም ኣለዉ። ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ብክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዝምእከል፡ ኣብ 2019 ዝተበገሰ ዞባዊ መደብ ውድድራት ስነጥበብ ሽልማት 'ኣውራ' ኣካል ናይ'ቲ ንዕቤት ስነጥበብ ሃገርና ንምሕያል ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ እዩ።




ንኡሳን ዞባታት ደቡብ፡ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ብዝካየዳ መደባት መኣዲታት ስነጥበብ፡ ወሸጣዊ ዓቕመን ኣለልየን ነቶም ብሉጻት ዝበልኣም ስነጥበበዊያን፡ ኣብ'ቲ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ብደረጃ ዞባ ዝካየድ ውድድር ስነጥበብ ሽልማት 'ኣውራ' ከም ዝውዳደሩ ይገብርኦም።

ኣገባብ ዳኝነት፡ ነቲ ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝፈረያ ፍርያት፡ በቲ ዝዋጾአ መልክዕ ንኽሓልፍ፡ ቤታ ንኡስ ዞባ ዝተማዘዙ ዳያኑ ዝኣመተሉ ስርሓት ጥራይ'ዩ ናብ ደረጃ ዞባ ከም ዝሓልፍ ዝግበር። እቲ ካብ ንኡሳን ዞባታት ዝሓለፈ ስርሓት ከኣ፡ ኣብ'ቲ ብደረጃ ዞባ ዝካየድ ውድድር ይቐርብ። እቲ ናብ ደረጃ ዞባ ሓሊፉ ኣብ ውድድር ስነ ጥበብ ሽልማት 'ኣውራ' ዝቐርብ ስርሓት ከኣ፡ ክኢላታት ብዘመርሕዎ ማስርሕ ዳኝነት፡ ናይ መጻረዪ መደብ ይካየድ። ኣብ መወዳእታ ኸኣ እተን ካብ ነፍሲ ወከፍ ዓውዲ ዝሓለፉ ሸሸዱሽተ ብሉጻት፡ ተለልየን ደረጃ ተገይሩለን ከም ዝሽለማ ይግበር።

እዚ መደብ፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2019 ኣብ መንጎ 12 ንኡሳን ዞባታት ደቡብ ኣብ ዓውድታት ትልሂት፡ ግጥሚ፡ ማሽን ኣውሎን ዞባዊ ውድድር ብምክያድ፡ ኣብ ከተማ መንደፈራ ንምርኢትን ዳኝነትን ንመጀመርታ ግዜ'ዩ ቀሪቡ። ከም መቐጸልታኡ ኸኣ፡ ካልኣይ ዙርያ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2020 ነቲ መደብ ዘድሊ ምድላው ተወዲኡ ኣብ ደረጃ ንኡሳን ዞባታት ዝካየድ ምጽራይ ተዛዚሙ'ኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ኮሮና ግን ተቛሪጹ። እንተኾነ፡ እቲ መደብ ንሓድሰቲ ስነጥበበውያን ባብ ዝርሕውን ንህላዌ ትንሳኤ ሃገርና ዝደፋፍእን ብምዃኑ ንኹሉ ብድሆታት ሰጊሩ ከም ዝቕጽል ተገይሩ። እንሆ ድማ፡ ካብ 24-26 መስከረም 2024፡ ካልኣይ ዙርያ ሽልማት ኣውራ ኣብ ከተማ መንደፈራ ተኣንጊዱ ኣሎ።

ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ መደብ፡ ዳ/ጀ/ክ/ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ 'ኣውራ' ዝብል ቃል ትርጉሙ - ቀንዲ፡ ብሉጽ፡ ሕሩይ፡ ልክዕ ኮኾብ፡ ስለዝኾነ፡ ነቲ መደብ ብዝዋጾአ ንኽገልጽ ከም ዝተመርጸ ኣብሪሁ። መደብ ሽልማት ኣውራ ክካየድ ዝተደልየሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ንውልዶ ስነጥበበውያን መድረኽ ከም ዝረኽቡ ብምግባር ንምትብባዖም ከም ዝኾነ ገሊጹ። ብመንገዲ'ዚ'ውን ንሱ ጥበባዊ ትሕዝቶ ሕብረተሰብ ምስ ኩሉ ንምልላይን ንምስናድን ምኻኑ ኣረዲኡ። ንመደባት ዞባውን ሃገራውን ፌስቲቫላትን ካልኣት መኣድታት ባህላዊ ምርኢትን ዝበቕዕ ትሕዝቶ ንምህብታም፡ ኣካል ናይ'ቲ ዕላማ ምዃኑ'ውን ዘርዚሩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ እዚ ኹሉ፡ ዝሰነፎን ንዕብየቱ ዝዕጠቐሉን መደብ ሽልማት ስነጥበብ 'ኣውራ' ዞባ ደቡብ፡ ንምዕዋቱ ብዘይ ዝኾነ ብኾራት ብምልኣት ዝተሳተፉ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲን ሃማመተኤ፡ እዚ ማእከልን ብፍሉይ ብምምጻኡ ነቲ መደብ ንምዕዋት ኣበርክቶ ንዝገበሩ ካልኦት መሻርኽቲ'ውን ኣመስጊኑ።

ዛጊት ኣብ ውድድር ሽልማት 'ኣውራ'፡ - ደርፊ፡ ትልሂት፡ ማሽን መልቀስ፡ ከምኡ'ውን ስነ ግጥሚ ተዳልዩ ንውድድር ክቐርብ እንከሎ፡ ኣብ ቀጻሊ ግን፡ ደረጃ ብደረጃ ብምዕባይ፡ ውድድር መደረ፡ ሓጺር ዛንታ፡ ደኩመንታሪ ፊልም፡ ውድድር መራሕ መደብ፡ ምልክት ያታዊን ዘበናዊን መሳርሒታት ሙዚቃ፡ ቅብኣን ካልእን ከም ዘጠቓልል ወደብቲ ናይቲ መደብ ይሕብሩ።

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ፍልይ ብዘበለ ኩሉ ውድድራት ብዓብይቲ ስነጥበበውያን ሃገርና'ዩ ናይ ዳኝነት መስርሕ ተኻይዱ። ደያኑ፡ ተወዳደርቲ ዘበርም ብልጫታት ንኽዕቅቡ፡ ዝተራእዩ ጉድለታትን ሃጻፋትን ድማ ንኽእረም ሞያዊ ምኽርታቶም ከም ዝሃቡ እዩ ተገይሩ።

ኣብ'ዚ ብ24 መስከረም ዝተኻየደ ውድድር ትልሂት፡ ንኡሳን ዞባታት ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ብሄራትና ዘኮተተን ንተዓዘብቲ ዘገረመን ሓሓሙሸተ ትልሂት'የን ኣቕሪበን። ኣብ'ቲ መድረኽ፡ መንእሰያት ምስ ሃገራውን ባህላውን ማዕቶም ክላለዩን ንያታዊ ትልሂታት ብዝዋጾአ ከንጸብርቑን ተራእዮም። ተወሃቦ ዘለዎም መንእሰያት ኣብ ምልላይ'ውን ዓቢ ብልጫ ነይሩዎም።

ብ25 መስከረም፡ ዝተኻየደ ውድድር ማሽ፡ መልቀስን ግጥምን ድማ፡ መብዝሕትኦም ተወዳደርቲ፡ ሃገር ጠቀስ ትሕዝቶ ዝበሮ ግጥምታት ኣቕሪቦም። ንፍቕሪ ሃገር፡ ዝተኸፍለ መስዋእትን ዋጋን፡ መጻኢ ዕድላት ወይ ተኽእሎታት ኣመት ዝለበነ ትሕዝቶታት ድማ ቀሪቡ። እዚ፡ እቶም መንእሰያት ዘለዎም ታሪኻውን ህሉውን ግዙብ ሃገርም ዘንጸባርቐ'ዩ። እንተኾነ፡ ኣጠቓቕማ ልክዕነትን ጽባቐን ዝሓዘለ ቋንቋ፡ መጺኢታ ኣፍልጦ ባኢታታት ግጥሚ፡ ፍሉይ ከርናዕ ዝጠሙቶ ፈጠራውን መበቆላውን ዝኾነ ትሕዝቶ ኣብ ምቕራብ ገሉ ገለ ሕጽረታት ከም ዝተራእየ ዝገለጹ ደያኑ፡ ዘድሊ ሞያዊ ምኽሪ ሂቦም።

ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ደርፊ ከኣ፡ ንንኡሳን ዞባታቶም ዝወከሉ ደምጻውያን ናብ ውድድር ክቐርቡ እንከለዉ፡ ውልዶ መንእሰያት ስነጥበበኛታትና ብዘይ ዓሚቕ ናይ ድምጺ (ቮካል) ስልጠና፡ ኣብ ናይ መድረኽ ውድድር ዓቕሞም ከርእዩ ምኽኣሎም ዘሐድ ምኻኑ ደያኑ ገሊጾም። ዝተሓርዩ ደርፍታት ከበድትን በዓህትን'ኳ እንተነበሩ፡ ተወዳደርቲ ደምጻውያን ብግቡእ ክላበሱዎም ምኽኣሎም ድማ፡ መርኣያ ብልጫኦም ምኻኑ እዮም ደያኑ ወሲኾም ሓቢሮም።




ኣብ ገለ ደርፍታት፡ ኣብ ኣቀራርባ ዘሕድ ፍሉይነት ከምዝተራእየ፡ ተላሂይቲ ብሉጽ ብቕዓት ከምዘንጸባረቑ፡ ኣለባብሳ ደረፍትን መዚቐኛታትን መሳጢ ምንባሩ፡ ዲሲፕሊን ስነጥበበኛታት'ውን ሓደ ካብ'ቲ ዘሰዕዖን ንቐጻሊ ክበርኽን ክዕቀብን ዘለዎ ረቛሒ ምኻኑን ደያኑ ገሊጾም። ኣብ መወዳእታ እቶም ደያኑ፡ ነቶም መንእሰያት ስነጥበበኛታት ናብ ዝበረኸ ዓቕምን ፍልጠትን ንምስጋጋር፡ ምዕቡልን እዋናውን ስልጠና ክውሃቦም ተላብዮም። ኣብ ዝቕጽል ዓመታት ኣብ ዝካየዱ ውድድራት ድማ፡ ካብ 1ይ ክሳብ 3ይ መድረኽ ዝዘርግሑ ውድድር ክዳለው ርእይቶኦም ኣቕሪቦም።

ኣብቲ ኢጋጣሚ ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ንተሳተፍቲ፡ ተወዳደርትን ኣበርክትን ምስጋናኡ ብምቕራብ፡ እቲ ዝቐረበ ውድድር፡ ባህሊ ዘዕበን ፍቕሪ ሃገር ዘሕድርን ስለ ዝኾነ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምኻኑ ገሊጹ። ንሱ ኣስዒቡ፡ ንጥፈታት ባህልን ስፖርትን ብቐንዱ ምስ መንእሰያት ምትእስሳር ዘለዎ ስለ ዝኾነ ሃማመተኤ ምስ መሻርኽቱ ብምዃን መንእሰያት ኣብ ምንቃሕን ባህሊ ኣብ ምውርራስን ከምዝሰርሕ ኣረዲኡ።

ኮሚሽነር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ብወገኑ፡ ዓቢ ሃገር ክትጉበር፡ ፈለማ ካብ ንእሽቶ ሃገር ከምእትብገስ ብምግላጽ፡ ኣብ መድረኽ ሽልማት ኣውራ ዝቐረቡ ተወዳደርቲ መንእሰያት ስነጥበበውያን ድማ፡ ጽባሕ ንጎሆ ዓቢ ተስፋ ንሃገር ምኻኖም ሓቢሩ። ከምዚ ዓይነት ውድድር ተወሃቦ መንእሰያት ኣብ ምልላይ ባይታ ዝፈጥር ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢን ዓዲታትን ወረዳ ክሰርሓሉ ከምዝለዎ ሓቢሩ።

"መደብ ሽልማት ኣውራ፡ ከም ምሻዓት ማዕድን ክምስል ዝኽእል ስራሕ እዩ" ዝበለ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን እውን እቲ ውድድር ብሉጻት መንእሰያት ስነጥበበውያን ዝተራእዩሉ መድረኽ ከምዝበረ ኣረዲኡ። እዚ ውድድር፡ ኣብ ደረጃ ዓዲታት ምስ ወረደ፡ ልዑል ብቕዓትን ክእለትን ዘለዎም መንእሰያት ክርከቡ ክሕግዝ ስለ ዝኾነ፡ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ምስ ሃማመተኤ ብምውህሃድ ክሰርሓሉ ተላቢዩ።

ኣብ ውድድር ስነጥበብ ሽልማት ኣውራ፡ ብጉጅለ ቀዳማይ፡ ተስፋልደት ኢሳቕ ካብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ፣ ካልኣይ ርበል ኪዳ ካብ ን/ዞባ ሰገነይቲ፣ ሳልሳይ ኖህ ጎይትኦም ካብ ን/ዞባ ደቀምሓረ እዮም።

ኣብ ውድድር ማሽን መልቀስ፡- ቀዳማይ፡ ኣቶ ገብረልዑል ሃይለማርያም ካብ ን/ዞባ ዓዲ-ኳላ፣ ካልኣይ ኣቶ መብራህቱ ተኽለሃይማኖት ካብ ን/ዞባ ደባርዋ፣ ሳልሳይ ኣቶ ሰለሙን ተኽለኣብ ካብ ን/ዞባ ዓረዛ እዮም።

ኣብ ውድድር ደርፊ፡ ቀዳማይ ኣቤል የናስ ካብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ፣ ካልኣይ ሓወን ተስፋይ ካብ ን/ዞባ መንደፈራ፣ ሳልሳይ ዳኒኤል ተስፋሁናይ ካብ ን/ዞባ ደባርዋ እዮም።

ኣብ ትልሂት ከኣ፡ ቀዳማይቲ ን/ ዞባ መንደፈራ፣ ካልኣይቲ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፣ ሳልሳይቲ ድማ ን/ ዞባ ደቀምሓረ ተዓዊተን።

ተሸለምቲ ዝተዳለወሎም ምስክር ወረቐትን ገንዘባዊ ሽልማትን ካብ ኣድ ናይ ክብሪ ዕዱማት፡ ተቐቢሎም።

ናይ ለሚ ዓመት ጉበለል ሽልማት ኣውራ፡ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኩይና፡ ተሸላሚት ዘዋሪት ሽልማት ኣውራን ገንዘበን ኩይና። ን/ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ንሽልማት ኣውራ ንኻልኣይ ግዜኣ'ያ ትወስዶ ዘላ። ብመሰረት'ቲ ወጺኡ ዘሎ መምርሒ ውድድር፡ ንሽልማት ኣውራ ኣከታቲላ ሰለስተ ግዜ ዝወሰደታ ንኡስ ዞባ ንታ ዋንጫ ንሓዋሩ ክትውንኖ እያ።



## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጺ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጺ. 1284



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## “ንመንእሰያት ኢለ’የ ዝጽሕፍ ዘለኹ፡” ሲራክ ክፍለ

“ሕብረተሰብ፡ ካበይ፡ ናበይ፡ ብኸመይ?” ብዙበል ኣርእስቲ፡ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ 59 ክፋላት ዝወጸአ ንኣመዓብላ ሕብረተሰባት ዝገልጽ ቀዳማይ ቅጺ ጽሑፋት ዓሚ ኣብ መጽሓፍ ተሓቲሙ፡፡ ካልኣይ ቅጺ ዝሓዘ መጽሓፍ ድማ ድሮ ኣብ ደገ ተሓቲሙ ምስ ኣንበበ፡ ኣብ ምልሳይ ደርከበ፡ ነዚ ክልተ ቅጽታትን ዝቖጸል ሳልሳይ ቅጺን ኣመልኪቱና ምስ ደራሲ ሲራክ ክፍለ ዘዩደናዮ ዕላል ነቕርበልኩም፡፡

“ሕብረተሰብ፡ ካበይ፡ ናበይ፡ ብኸመይ?” ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ክትወጽእ ምስ ጀመረት፡ “ሲራክ ክፍለ” ናይ ብርዒ ስም ዝመሰለና ነይርና’ሞ ሕጂ ክንላለየካ?

ናይ ብርዒ ስም ኣይኮነን፡፡ “ሲራክ ክፍለ” ሓቀኛ ስመይ እዩ፡፡ ኣብ ኣስመራ ተወሊደን ዓብየን፡፡ ኣብ 1976 ወዲ 18 ዓመት እንከለኹ ናብ ኖርወይ ከይደ፡፡ ኣብኡ እናተመሃርኩ ክሳዕ 1993 ጸኒሐ፡፡ ኣብ ናይ ነዳዲ ኢንዱስትሪ ሰሪሐ፡፡ ኣብ መጀመርታ 1993 ናብ ኤርትራ ተመሊሰ፡፡ እተን ቀዳሞት ዓመታት ናጽነት ናይ ፌስታ እዋን’የን ነይረን፡፡ ብዙሕ ስራሓት ሰሪሕና፡፡ ክሳዕ 2006 ኣብ ኤርትራ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ’ቲ ዓመት ስራሕ ስለ ዝረኸብኩ ማእከላይ ምብራቕ ከይደ፡፡ ምስ ሓንቲ ናይ እንግሊዝ ካምፓኒ ኣካያዲ ስራሕ ኩይነ ተቖጺረ ካብ 2007 ክሳዕ 2017 ኣብኡ ሰሪሐ፡፡

### ምጽሓፍ መዓስ ጀሚርካ?

ኣብ ማእከላይ ምብራቕ እንከለኹ’የ ነታ፡ “ኖርወይ ዝጽሓፎ ንምብጻሕ” (Getting to Norway) እትብል ቀዳመይቲ መጽሓፈይ ብቛንቋ እንግሊዝኛ ጽሒፈያ፡፡ እዛ መጽሓፍ’ዚኣ ከመይ ጌርካ ትካል ነዳዲ ከም እትተክል እትገልጽ ዓባይ መጽሓፍ’ያ፡፡ ንዓኣ እናጸሓፍኩ ከለኹ ኸኣ “ሕብረተሰብ፡ ካበይ፡ ናበይ፡ ብኸመይ” ኣብ ዝብል ሓሳብ ዘድልዪ ሓበሬታ እእኩብ ነይረ፡፡

ስለምንታይ “ሕብረተሰብ ካበይ፡ ናበይ፡ ብኸመይ?” መበገሲ ሓሳብካ እንታይ’ዩ?

መጀመርታ ክጽሕፋ እንከለኹ፡ ‘ኤርትራ ካበይ፡ ናበይ’ ዝብል ኣርእስቲ ሒዘየ ተበጊሰ፡፡ እንተኾነ፡ “ብፍላይ ምስ’ዚ ኣብ ከባቢና ዘሎ ጸወጸዋያት፡ ከውንኑት ናይ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ከይተረድኣካ ንኤርትራ በይና ክትርድእ ኣይትኽእልን ኢኻ” ዝብል ሓሳብ ስለ ዝመጽኣኒ ክቕይራ ወሲነ፡፡ ኤርትራ ከም ሃገር ኣብ 1991 ሓራ ቅድሚ ምውጻእ ዝተሓለኸ መስርሓት’ያ ሓሊፋ፡፡ ስለ’ዚ፡ ብዛዕባ’ቲ ናይ ኤርትራ ከውንነት ክትዛረብ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ድሕሪት ክትምለስ ኣሎካ፡፡ ንዝበፍሐ መረዳእታ፡ ኣብ’ዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ ሕብረተሰባት ከም ዝበሩ፡ ኣብ’ዛ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ሕብረተሰባት ከም ዝበሩ፡ ወዘተ. ምርኣይ ኣገዳሲ ነይሩ፡፡ እዞም ሽዑ ዝበሩ ማሕበራዊ ጉጅለታት ወይ ሕብረተሰባት ግን ድሕሪ ምምጻእ ኤውሮጳውያን እዮም ከም ሃገራት ቀይሞም፡፡ ቅድሚኡ እቲ ኣወዳድባ ጽብብ ዝበለ ሕጋዊ ዶብ ዘይብሮ እዩ ነይሩ፡፡ ብሓጺሩ ኣቃውማ ናይ’ቲ ሕብረተሰባት ከለም ሓይልኻ’ዩ ነይሩ፡፡

ኣብ ታሪኽ ንድሕሪት ክትምለስ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ብዛዕባ ሕብረተሰብ እምበር ብዛዕባ ‘ሃገር’ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ ኣብ 1890 ኤርትራ ከም ሃገር ቀይማ፡ ድሕሪኡ - ድሕሪ ገለ ዓመታት ከኣ’ያ ኢትዮጵያ እትበሃል ‘ዚ ሕጂ ሒዛቶ ዘላ ቅርጺ ሒዛ ቀይማ፡፡ ብዘይወልውል ቅድሚ ኢትዮጵያ ኤርትራ’ያ ከም ሃገር ቀይማ፡፡ እዚ ንትምክሕቲ ዝበሃል ኣይኮነን፡፡ ባዕልና ኣየቆምናያን፡፡ መግዛእቲ ግን ንኤርትራ ቅድሚ ኢትዮጵያ እዩ ከም ሃገር ኣቕሚሙዋ፡፡ ደሓር’ዩ ኣብ ውዕል ውጫሌ ኣብ ትሕቲ ምንሊክ ዶብታ ሒዛን ከም ሃገር ቀይማ፡፡

### ኣመዓብላ ሕብረተሰባት ክትገልጽ ዝደረኸካ ካልእ ምኽንያትከ ነይሩዶ?

ኣመጻጽኣ ሕብረተሰባት ክንገልጽ ዝድለየሉ ካልእ ነጥቢ እቲ ‘ኣሕዋት ኢና’ ዝብል ብገለ ዝሰማዕ ዘረባታት እዩ፡፡ ተመሳሳልነት ባህልን ቋንቋን ካብን ናብን ሃገራትን ወይ ሕብረተሰባት ዘሎ’ዩ፡፡ ሓደ ቋንቋ ስለ ዝተዛረብካ ሓደ ሃገር ኢኻ ማለት ግን ኣይኮነን፡፡ እዚ ኣብ ኩለን ዝዓወባ ሃገራት ዘሎ ክውንነት’ዩ፡፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝቐማጡ ተመሳሳሊ ቋንቋን ባህሊን ዘለዎም ኣህዛብ ብዙሓት እዮም፡፡

ብሓጺሩ ንኣመጻጽኣ ሕብረተሰባት፡ ብሃይማኖት፡ ስነ-ፍልጠት፡ ስነ-ህይወት ክርእዮ እየ ዝፈትን፡፡ ንመሰረት ኣብጋግሳ ሕብረተሰብ ክድህስስ ዘገደደኒ ብዙሕ ናይ ጸወጸዋይ ዛንታታት ኣብ’ዚ ከባቢና ስለ ዘሎ’ዩ፡፡ ብፍላይ ዚ “ናይ ሰለስተ ሽሕ ዓመት” ዝብል ንኽቕበሎ መሰረት ሕብረተሰባት ብሓፈሻ ክድህስስ ነይሩኒ፡፡ ‘ከም’ዚን ከም’ቲን ስልጣኔታት ኣሎና’ ዝበሃል’ውን ኣሎ፡፡ እዚ’ውን ካብ መሰርሕ ኣመዓብላ ሕብረተሰባት ተፃሊሉ ዝኸይድ ኣይኮነን፡፡ ቅድሚ ሃገራት - ሃገር ምዃነን ኣብ መመድረኹ ዝተፈላለየ ስልጣኔታት ነይሩ’ዩ፡፡ ኣብ’ዚ ናይ ሕጂ ኤርትራ ንኣብነት፡ በበግዚኡ ዝመጽኣን ዝተፈላለየ ደረጃ ዝበርኑ ኣብ ከባቢና ምስ ዝበሩ ስልጣኔታት ዝደጋገፍን ዝተፋነንን ምዕባለታት ነይሩ’ዩ፡፡ እዚ ግን ካብ ሃገራት ከይቶማ ኸሎዋ እዩ፡፡ ብኸም’ዚ ዝበለ ኩነት ክትሓዝ ከኣ ኣለዎ፡፡

‘ሕብረተሰብ’ መምርጸያይ እምበር፡ ቅድሚ ሃገራት ምቛመን ሕብረተሰባት ከመይ ኢሎም ከም ዝመጽኡ መሰረት ንምምርር’ዩ፡፡ ድሕሪት ክትምለስ እንከለኻ ኸኣ፡ ብዛዕባ ዘይነበራ ሃገራት ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ እንተ ተፈቲኑ ድማ ጸወጸዋይ እዩ፡፡

ኣብ ኤውሮጳ ኣመሪካ . . . ሃገራት እንተ ነውሐ ኣስታት 250 ዓመት’የን ገይረን፡፡ ኣብ ኣፍሪቃ ኸኣ 110/120 ዓመት ኣብሉ’ዩ፡፡ ቅድሚ’ዚ ሃገር ዝበሃል ኣይነበረን፡፡

ነዚ ዛንታ’ዚ ኣብ ምጽሓፍ ዝተወከስኻዮ መወከሲታት?

ዝተፈላለየን ብዙሕን እዩ፡፡ ኣብ መመድረኹ ዝተጻሕፈ ኣገዳሲ መጻሕፍቲ ታሪኽ ቀንዲ መወከሰየይ እዩ፡፡ ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጹ ጽሑፋት ወይ መጻሕፍቲ ኸኣ ተወኪሰ፡፡ ናይ ኢትዮጵያ ታሪኽ ዝገልጽ ጽሑፋት’ውን ፈቲሸ፡፡ ሓንቲ ኣብ’ዚ ዓውዲ’ዚ ዝተጻሕፈት ንብዙሓት ዘገረመት መጽሓፍ ኣላ፡፡ ጸሓፊኣ ምስ ሃይለስላሴ ዝበረ እቲ ሃጼ ክሀድም እንክሎ ምስኡ ዝሃደመ ኩይኑ ኣብ 1920ታት እዩ ጽሒፉዋ፡፡ እዚ ሰብኣይ ኣብ ጽሑፉ መጽሓፍ ቅዱስ ይወከሰ’ዩ፡፡ ናብ’ቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት ከይዱ፡ መጀመርታ ከእምኖ ዝፍትን ‘ንግስቲ ሳባ ነይራ’ ዝብል’ዩ፡፡ ንግስቲ ሳባ ዝሰደደቶ ወከል ናብ እስራኤል በጺሑ ተመሊሱ ምስ ኣዘንተወ፡ ቀይሕ ባሕሪ ሰጊራ ብኣምግል ጊይራ ካብ ግዝኣታ የመን ናብ እስራኤል ትኸይድ፡፡ ጠኒሳ ትመጽእ’ሞ፡ ኣብ ማይበላ ንምኒልክ ከም ዝወለደቶ ትወልዶ. . . ዝብል ዛንታ የካትት፡፡

ኣነ ሕጂ ነተን ንሱ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝጠቐሰን ኣንቢበ፡፡ እጽሕፈን ከኣ፡፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ናይ እንግሊዝኛ ብፍላይ፡ ናይ ሸባ ንግስቲ (Queen of She’ba) ዝብል እቲ ‘ሸባ’ የመናውያን ዝቐማጠሉ ቦታ’ዩ፡፡ ንግስቲ ናይ ሳባውያን እምበር፡ ንግስቲ ሳባ ኸኣ ኣይኮነትን ዝብል፡፡ እቲ ሰብኣይ ዚ ምእንቲ ክሓላልኽ፡ ሰለስተ ኣስማት’ዩ ነይሩዋ - ኣዜብ፡ ሳባ፡ ማክዳ - ድማ ይብል፡፡ ናይ ሰለስተ ዝተፈላለየ ሰባት ታሪኽ ኣብ ሓደ ከምጽኦ ይፍትን፡፡ ኣነ ድማ ብመርትዖታት “ከም’ዚ ዝበሃል ነገር የለን፡፡ እኹልካ እቲ ጭብጢ እዩ” እየ ዝብሎ ነቲ ኣንባቢ፡፡ እታ ናይ ሸባ ንግስቲ ብመሰረቱ ቀይሕ ባሕሪ ኣይሰገረትን፡፡ ገመል ጊይራ ካብ የመን ናብ እስራኤል እያ ትኸይድ፡፡ እዚ እቲ ቀዳማይ ጌጋ’ዩ፡፡

ካልኣይ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ልዕሊ 50 ግዜ ‘ኢትዮጵያ’ እትብል ቃል ኣላ፡፡ እዛ ቓል’ዚኣ ደሓር’ያ ‘ኢትዮጵያ’ ኩይና እምበር፡ ብመሰረታ ‘ኢትዮፒስ’ እያ፡፡ ብቛንቋ ግሪኽ ከኣ ክልተ ትርጉም ኣለዋ፡፡ ሓደ፡ ጸለም ሰብ፡፡ ካልኣይ ከኣ ጸለም - ዘይፍለጥ ቦታ፡፡ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ቋንቋ ግሪኽ ናብ እንግሊዝኛ ክትርጎም እንከሎ፡ እቲ ‘ኢትዮፒስ’ ብናይ ኣደማምጻ ጉዳይ ናብ ‘ኢትዮጵያ’ ተቐይሩ፡፡ ዝኸታት ጭብጢ መወከሲ እናኣምጻእኩ’የ ዘፍንትዎ፡፡

ብሓፈሻ፡ ኣገዳሲ ዝበሎ ብዙሕ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ፡ ብፍላይ ነቲ ዝበሎ ብየበት ዝገልጽን ሚዛን ዝሀቦን ተወኪሰ’የ፡፡

ንመን ኢልካ ኢኻ ትጽሕፍ ዘለኻ?

ቀንዲ ዕላማይ መንእሰያት ኤርትራ እዮም፡፡ ቀዳማይ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዘለዉ፤ ካልኣይ ከኣ ኣብ ውሽጢ ዓዲ፡፡ ብሓፈሻ ግን ኣፍልጦ ንምዕባይ ዝዓለመ’ዩ፡፡ ኣብ ሰደት ዝነብሩ በቢ ናይ ጸውጸዋይ ትረኻ ብዙሕ ዝተጻልወ ኣለው፡፡ እዚ ኣየሞ ነቲ ሓቂ ምእንቲ ክፈልጥዎ ክተረድኦም ኣለካ፡፡ መንነት ጸወታ ኣይኮነን፡፡ ከም ደላይካ እትሰንዮ’ውን ኣይኮነን፡፡ ቀዳማይ ዕላማይ እምበር ‘መንእሰያት፡ ኤርትራዊ መንነትን ዝተኸፍሉ ዋጋን ክፈልጥዎ ኣለዎም’ ዝብል’ዩ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸፈሎ ዋጋ መንእሰይ ክርድኦም ኣለዎ፡፡ መንእሰያት ንገድሊ ኤርትራ ክፈልጥዎ ኣለዎም፡፡ መንእሰያት፡ ንኣብርታት ሕብረተሰቦም ክፈልጥዎን ክስዕብዎን ኣለዎም፡፡ እቲ ዕላማ ንሱ’ዩ፡፡ ኣንጻሩ ዝበሃል ብዙሕ ስለ ዘሎ፡፡



### ናይ ምጽሓፍ ተመክሮኻ ካበይ መጺኡ?

ምንባብ እፈቱ’የ፡፡ ካብ 70ታት ጀሚረ ኣብ ወርሒ እንተ ውሒዱ ሓንቲ መጽሓፍ ከየንበብኩ ኣይሓለፍኩን፡፡ ዳርጋ ብምሉኡ ህይወተይ ብምንባብ፡ ብፍላይ ድማ ታሪኽ ጠቐስ ኣብ ዝኾኑ ጽሑፋት’የ ኣሕሊፈያ፡፡ ሓንሳብ-ሓንሳብ ከኣ ወጥን ኣወጽእ፡፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ‘እምነታት’ ዘተኩረ እየ ዘንብብ እንተ ኢሉ ዓመት ምሉእ ኣብኡ ኣተኩር፡፡ ቀንጠብ፡ ታሪኽ፡ ፍልስፍና. . . እናበልኩ ድማ እሰርሕ፡፡ ፍልስፍና ግን ብቐጻሊ’የ ዘንብቦ፡ ትርጉም ህይወት’ዩ ዝህበ፡፡

ብዕሊ ምጽሓፍ ዝጀመርኩ ኣብ 1997 ኣቢሉ ኣብ ኣስመራ ኣብ ቤት-ምኽሪ ንግዲ እንከለኹ’የ፡፡ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ብቐጻሊ እጽሕፍ ነይረ፡፡ እቲ ዝጽሕፎ ቀንጠብ ጠቐስ ኩይኑ ዕቱብ ዝበለ ነይሩ፡፡ እዚ ቀሊል ዘይኮነ ተመክሮ’ዩ ነይሩ፡፡ ካብ’ዚ ተበጊሰ ድማ’የ እታ ናይ እንግሊዝኛ መጽሓፍ ዝጸሓፍኩ፡፡

ስለምንታይ “ኖርወይ ዝጽሓፎ ንምብጻሕ” (Getting to Norway) ዝብል መጽሓፍ ክትጽሕፍ ሓሰብካ?

እቲ ሓሳብ፡ ‘ኖርወይ ኣብ ቀንጠብ ዝጽሓፎ ደረጃ ብኸመይ ክበጽሕ ይከኣል?’ ዝብል’ዩ፡፡ ብቐንዱ ኣብ ኢንዱስትሪ ነዳዲ ዘተኩረ እዩ፡፡ ኣብ’ቲ እዋን ኣብ ትካል ሞያዊ ምኽሪ እናሰራሕኩ ናይ ኖርወይ ፓስፖርት ስለ ዘሎኒ፡ መሳርሕተይ ‘ኖርወይ ከመይ ገይራ’ያ ከም’ዚ ተኣምር ሰሪሓ?’ ይብሉኒ፡፡ ኣብ ኢንዱስትሪ ነዳዲ ናይ ብሓቂ ተኣምር’ያ ሰሪሓ፡፡ ኣብ ዓለም እቲ ዝበለጸ ኣተሓሕዛ ኣብ ኢንዱስትሪ ነዳዲ ናይ ኖርወይ እዩ፡፡ ኣብ’ቲ መጽሓፍ እምበር፡ ‘ኖርወይ እንታይ እያ ገይራ? ብኸመይ ኣገባብ ገይራ?’ ክድህስስ’የ ፈቲነ፡፡ ከመይ ገይርካ ሓያልን ዕወትን ትካል ትሃንጽ’ዩ እቲ ጠማሪ ሓሳብ፡፡

ሓደ መሃንደስ ወይ ዝኾነ ሞያዊ ናይ ብሓቂ ከበርክት እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ብዘይካ’ቲ ሞያኡ ዝሓትቶ፡ ኣምሪት ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ፍልስፍና፡ ቀንጠብ. . . ክፈልጥ ኣለዎ፡፡ ሽዑ’ዩ ብፍላይ ኣብ ዓበይቲ ወፍርታት፡ ትርጉም ክህቦ ዝኽእል፡፡ ቀዳማይ 100 ገጽ ናይ’ታ መጽሓፍ ብዛዕባ መንነት፡ ዝቐጸለ 20 ገጽ ከኣ ብዛዕባ ኤርትራ ዝገልጽ’ዩ፡፡ ዘይመንግስታውያን ትካላት (ናይ ረድኤት ማሕበራት) ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃ በልዮናት እዮም ኣፍሲሶም - ፍረ ግን የለን፡፡ ካብ’ዚ ተበጊሰ እቲ ናይ ኤርትራ ተመክሮ ኣስፊረዮ፡፡

### ተቐባልነታ?

ምስ ተሓትመት፡ ኣፍሪቃዊ ሕብረት ዓዲሞምኒ ነይሮም፡፡ ሚኒስተር ጸዓት ሱዳንን ናይ ኮሚሳ ዳይረክተርን ገምጋም ኣቕሪቦም፡፡ ጸቡቕ ተቐባልነት ድማ ረኺቡ፡፡

ኣብ ‘ሓዳስ ኤርትራ’ ዓንቀጽ ብምጽሓፍ ጀሚርካ፡ መጽሓፍካ ድማ ሕጂ ብክፋላት ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ወጺኡን ይወጽእ ኣሎን፡፡ ፍቕሪ ‘ሓዳስ ኤርትራዶ ክንብሎ?

ትምኒተይ፡ ሰብ ብቐሊሉ ረኺቡ ንኸንብቦ እዩ፡፡ ኣብ ኤርትራ ብዙሕ ሰብ’ዩ ‘ሓዳስ ኤርትራ’ ዘንብብ፡ ኣብ ደገ ኸኣ ኣብ ሻባይት ትርከብ’ያ፡፡ ስለ’ዚ፡ ንዝበዝሐ ሰብ ብዝቐለለ መንገዲ እትረኽቦ ስለ ዝኾነት እያ መሪጸያ፡፡ እምበር ‘ኣሕተምካ ንእትዝርግሖ መጽሓፍ ኣቕዲምካ ኣብ ጋዜጣ ምሕታሙ ኣየዋጽእን’ዩ’ ዝበሉ ነይሮም፡፡ እቲ ዕላማ ግን ገንዘብ ኣይኮነን፡፡ ብግደ ሓቂ፡ ኣብ ጋዜጣ ምውጽኣ ሓጊዙዋ’ዩ፡፡ ሰባት ተላልዮማ ጸኒሖም፡፡ ብቐንዱ ግን ዓቕሚ ዘይብሉ ብቐሊሉ ከም ዝረኽቦ ንምግባር’ዩ፡፡

ቀዳማይ ቅጺ ድሮ ተሓቲሙ ኣሎ፡፡ እተን ክልተ ቅጽታትከ?

ካልኣይቲ ተወዲኣ’ያ፡፡ ካብ’ዛ ቐዳመይቲ ብዙሕ ተማዚርና ዘጋጠመ ጉድለታት ኣሪምና ክትሕተም’ያ፡፡ ደሮ’ውን ኣብ ደገ ተሓቲማ፡ ኣብ’ዚ ቐረባ ግዜ ናይ ምልሳይ መደብ ኣየበረላ’ዩ፡፡ እዛ ካልኣይ ክፋል ኣብ ጋዜጣ’ውን ትወጽእ ኣላ፡፡ ጸኒሓ ኣብ’ዚ’ውን ክትሕተም’ያ፡፡

### መልሱግዝበሪ ኣንበብቲ ከመይ ረኺብዮ?

ናይ ብሓቂ ዘሐጉሰ’ዩ፡፡ ክንድ’ዚ ኣይተጸበኹን፡፡ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ዘደንቕ መልሱግዝበሪ እየ ረኺበ፡፡ እቲ ዘንብብ ክፋል ሕብረተሰብ፡ ኣብ ምንባብ ናይ ብሓቂ ንጡፍ ተበግሶ’ዩ ወሲዱ፡፡ ኣብ ጋዜጣ ክትወጽእ ብምጽንሓ ኸኣ ብዙሓት ሰዓብቲ ኣጥርያ ጸኒሓ፡፡ ዝጸሓፍኞዎ ሰብ ክፈትዎ እንክሎ ካብኡ ዝዓቢ የለን፡፡

ዝተፈላለየ ክእረም ዘለዎ ብዝበል ዝጽሓፊ ርእይቶ’ውን ሓጊዙ’ዩ፡፡ በበቐሩብ እናተመሓየሸን እናሰፍሐን እንተ ደኣ ኸይዱ ከም መወከሲ ትምህርቲ ክኸውን’ውን ይኽእል’ዩ፡፡

እቲ ሳልሳይ መጽሓፍከ ኣብ ምንታይ ዘተኮረ’ዩ?

ኣብ ብሩህ መጻኢ ኤርትራ፡፡ እቲ ጠማሪ ኣርእስቲ ናይ’ዚ ሰለስተ ቅጺታት “ካበይ፡ ናበይ፡ ብኸመይ” እንድዩ ዝብል፡ እቲ ካበይ ኣብ’ታ ቀዳመይቲ መጽሓፍ ተገሊጹ’ሎ፡፡ ኣብ’ቲ ካልኣይ ከኣ ፖለቲካ፡ ቀንጠብ፡ ባህሊ፡ ምሕደራ. . . ኣሎ፡፡

የቐንየልና፡፡



ሸባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ውሑድ ነጥብታት ብዛዕባ ክብርታት

ስምኦን ወልደሚካኤል

ኤርትራዊ ክብርታት ካብ ብዙሓት ዝሕረ እምበር ኣማራጺ ስኢንካ ዝሕረ ኣይኮነን።



ክብረት ዝህብ ባህሪ፡ ተግባር፡ እምነት፡ መትከል ወዘተ. ክላበስ ዘይደሊ ሰብ የለን። ብዛዕባ እንታይነትን ትርጉምን ክብርታት ካብ ነዊሕ ዘበናት ኣትሒዙ ንብዙሓት ፍላስፉታት ዘህለኸ ስራሕ'ዩ። ንኽብርታትን ነውርታትን ዝፈሊ ቀዋሚ ሕንጻጽ - ኣብ ኩሉ ቦታን ግዜን ዝቐውም ሕንጻጽ - ከተቐምጥ ቀሊል ኣይኮነን። ንሓደ ነገር ምስ ክብሪ ዘጸብጽቦ ነገር እንታይ እዩ ንዝብል ቀሊል ዝመስል ሕቶ'ኳ መልሲ ክትቅርበሉ ቀሊል ኣይኮነን። ኤርትራዊ ክብርታት ከም ዘለዎ ኣብ ፔሩ ከም ክብርታት ክጽብጸብ ይኽእልዶ? ክብርታት ስዑዲ ዓረብ ወይ ኣመሪካኸ ኣብ ኤርትራ መጺኡ ክብርታት ኮይኑ ይቕጽልዶ?

ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ነዊሕ ጉዕዞኡ ዘማዕብሎ ናይ ገዛእ ርእሱ ስርዓተ-ኣተሓሳስባ ኣለዎ፣ ብእኡ መሰረት ከኣ ክብርን ነውርን ይፈላሊ። ክብርታት ምስ ስነ-ምግባርን ሞራልን ተጣሚሩ ሓደ ካብ ዓበይቲ ዓውድታት ፍልስፍና ዘቕውም ዓውዲ'ዩ። እዚ ዓውዲ ፍልስፍና'ዚ፡ ብዛዕባ ክብርታትን ብዛዕባ እቶም ኣብ ህይወትና ከነማዕብሎም ዝግበኣና ተደለይትን እወታውያን ጠባያት ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠት ከነማዕብል ይሕግዘና። ባህርያትና ወይ መለለዪ ጠባይና ኣብ ቅኑዕ ፍልጠት ተሰሪቱ ክህነጽ እንክሎ ጽቡቕ፡ ጠቓሚን ዘተኣማምንን እዩ ዝኸውን። ብዛዕባ ክብርታት ዘለና ፍልስፍናዊ መረዳእታ ምዕባይ፡ ንሓሳብን ግብርን ከነጋጥም ዝሕግዘና ኣገዳስን ጠቓምን ፍልጠት እዩ። ስለዚ እምበኣር ክብርታት ምስ ናይ ደቂ ሰብ ባህርያት ዝተኣሳሰሩ ካብ ኮኑ፡ ብዘይ ፍልጠት ዝበቖል ባህሪ ሓራሪ እዩ።

ነዚ ሓፈሻዊ ሓሳብ'ዚ ከም መበገሲ ሓሳብ ኣንጺፍና፡ በቲ ሓደ ወገን ነቲ ዝተሓላለኸ ትርጉም ክብርታት ከኣ ገዲፍና፡ በቲ ካልእ ቅልል ዝበለ ትርጉም ክንህበሉ። ክብርታት ብቐልል ዝበለ ኣገባብ ሰባት ሃረር ዝብልዎም ተደለይቲ፡ ተሃረፍቲ ባህርያት ማለት እዩ። ንሰብ ክብሪ ዝህብ ተግባር፡ ባህሪ፡ ሓሳብ፡ እምነት ወዘተ ምድቡ ምስ ክብርታት እዩ። ክብሪ ዝህቡ ሰብኣውያን ዝውታረታት ኩሎም ክብርታት እዮም። ክብርታት ምስና ቀስ እናበሉ ክዓብዩ ዕድል እንተ ረኺቦም ኣባና ሱር ሰዲዶም የጉላዕልዑልን ይፈርዩን። ትምህርቲ ሓደ ኣገባብ መኹስኩሲ ክብርታት እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ ህጻናትን መንእሰያትን ግዜኦም ኣብ ትምህርቲ ከሕልፉ ጻዕሪ ይካየድ። እዚ ማለት ግን ቤት ትምህርቲ ከይዱ ዝተማህረ ኣይንውርን'ዩ ማለት ኣይኮነን።


ክብርታት ብፍኑውን ብፖሊሲ ተመሪሑ ብዝካየድ ስራሕን ክህነጹ ይኽእሉ። ምትሕግጋዝ ከም ኣብነት እንተ ወሲድና ሓደ ሕብረተሰብ ንኽነብር ኣብ ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ብፍኑው ኣገባብ ክልመድን ክምዕብል ዝኽእል ክብሪ እዩ። ጾታዊ ማዕርነት ከም ብሰባት ሃረር ዝበሃል ክብሪ ከም ኣብነት እንተ ወሲድናዮ ኸኣ መንግስቲ ብዝኽተሎ ፖሊሲ ጾታዊ ማዕርነት ተሓጊዙ ይረዓምን ይረጋገጽን። ጾታዊ ማዕርነት ኣብ ኤርትራ ካብቶም ተዓዊቶም ዝወጽኡ ክብርታት ክኸውን ዝኸኣለ ናብዚ ዘለዎ ደረጃ ንምብጻሕ መንግስቲ ውጥን ሓንጺጹ ስለ ዝሰርሐ እዩ። በዚ ኸኣ ፖሊሲ መሳርሒ ወይ መተግበሪ ክብርታት ይኸውን።

ክብርታት ንናይ ሰባት ኣነባብራ ዝመርሕ መትከላት እዩ። ዝተፈላለየ ኣገዳስነት ከኣ ኣለዎ፤ ንውልቃዊ ጠባይ ወይ ሰብኣዊ መንነት ቅርጺ የትሕዝ፣ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባውን ፖለቲካውን ህይወትና ዝጸልዉ ውሳኔታት ኣብ ምሕላፍ ወሳኒ ተራ ይጻወት፣ ኣብ ሰባት ንዘለና እምነትን ኣብ ነገራት ንዘለና መረዳእታን ይጸሉ፣ ኣብ ኣወዳድባ ግዜን ጸዓትን፡ ኣፈታትሓ ሽግራት እንታይን ከመይን ከም ዝኸውን ኣብ ውሳን ወሳኒ ተራ ኣለዎ።

መሰረታውያን ሰብኣዊ ክብርታት ንሰብ ምሉኣን ዘቑሙ ሕመረት ባህርያት እዮም። ሓቅነት፡ ቅንዕና፡ እምነት፡ ፍቕሪ፡ ሰላም ወዘተ ከም ኣብነት እንተ ወሰድና ነቲ ኣብ ደቂ ሰባት ዝርከብ መሰረታዊ ጽቡቕ ዘሰስኑ ወይ ዘበርትዑ ካብኡ ሓሊፎም ከኣ ንሕብረተሰባዊ ጽባቐ ኣበርክቶ ዝገብሩ መሰረታውያን ሰብኣዊ ክብርታት እዮም። ሰብኣዊ ክብርታት መረዳእታና ብዛዕባ እቲ እንነብረሉ ኣከባቢ ኣብ ርእሲ ምጽላው 'ቅኑዕን' 'ጌጋን' ኣብ ምትርጓም ወይ ምፍላይ ዝሕግዙ ኣገደስቲ ባእታታት እዮም።

ክብርታት ዝማእከሉ ዓውዲ ፍልስፍና፡ ቅኑዕን ጌጋን ፈልዩ ከቐምጥ ንዘመናት ኣብ ክትዕ ተጸሚዱ ኣሕሊፍዎ'ዩ። ሓደ ተግባር ቅኑዕ ዝበሃል ሓጉስ ዝፈጥርን ዘዛይድን፡ ቃንዛ ኸኣ ዘወግድ ምስ ዝኸውን እዩ ዝብል ምጉት ዘገስግስ መስመር ፍልስፍና ኣሎ። እዚ ንተግባራት ብዝህብዎ ጥቕሚ፡ ብዘለዎም ፋይዳ ዝርኢ እዩ። ሓጉስ ዘዛይድ ቃንዛ ኸኣ ዘወግድ ክንብል እንክለና ናይ መን? ናይ ክንደይ? ዝብል ሕቶ ብግቡእ ክምለስ ዘለዎ እዩ። ብዛዕባ ማሕበራዊ ክብርታት ንዛረብ ክሳብ ዝሃለና ዝኾነ ተግባር ኣብ መዝገብ ክብርታት ክሰፍር እንተ ኾይኑ፡ ንናይ ብዙሓት ሓጉስ ዘዛይድ ንናይ ብዙሓት ቃንዛ ኸኣ ዘወግድ ኮይኑ ክርከብ ኣለዎ። ሓደ ተግባር ምሉእ ብምሉእ ኣሐጓሲ ወይ ብኣንጻሩ ኣቐንዛዊ ክኸውን ይኽእል ድዩ? ቅንጣብ ጽቡቕ ዘይርከቦ ሕማቕ ወይ ቅንጣብ ሕማቕ ዘይርከቦ ጽቡቕ ኣሎዶ?

ብመሰረት እዚ ንተግባራት ብዝህብዎ ጥቕሚ ምርኩስ ገይሩ ሕማቕን ጽቡቕ ኢሉ ዝምድብ ምድብ ፍልስፍና፡ ሓደ ተግባር ንዝበዝሐ ህዝቢ ዘርብሕ ወይ ዝጠቅም እንተ ኾይኑ ጽቡቕ እዩ ኣብ ርእሲ ምባሉ፡ ሓደ ተግባር ካብ ሕማቑ ጽቡቑ ዝዛይድ እንተ ኾይኑ ጽቡቕ እዩ ይብል። 'ክብሪ' ከኣ ይብሎ። ስለዚ ጽሩይ መኽሰብ ሓጉስ ናይ ሓደ ተግባር ዓቢ ምስ ዝኸውን ቅኑዕ እዩ። እዚ ንዝበዝሐ ህዝቢ ዘርብሕ እዩ ጽቡቕ ዝብል ፍልስፍና፡ ንውልቃዊ መሰዋእቲ ዓቢ ክብሪ ይህብ።



ሰብ፡ ንባዕሉ ጥራይ ተባሂሉ ኣይተፈጥረን። ክፍጠር እንክሎ'ውን እንተኾነ ባዕሉ ኣይተፈጥረን። ሰብ ብምትሕብባር ብዙሓት ይፍጠር፡ ይዓቢ፡ ይነብር። ካብዛ ዓለም ክፋኖ እንክሎ'ውን ምትሕብባር ብዙሓት ይጠልብ። ስለዚ እምበር ምስ ብዙሓት ተሓባቢርካ ንጽቡቕ ብዙሓት ምስራሕ ሰብኣውን ተፈጥሮኣውን ግዴታ እዩ። ተሓባቢርካ ምስራሕ ማለት ተኣኪብካ ምስራሕ ጥራይ ማለት ከም ዘይኮነ ግን ክዝንጋዕ የብሉን።

ዝኾነ ተግባር ብጽቡቕ ድሌት፡ ንቕሓት፡ ርድየት ተሰንዩ ክፍጸም እንክሎ'ዩ ኣድማዒ ዝኸውን። ብጽቡቕ ድሌት ሰባት ዝግበር ዘበለ ኩሉ ነገር ጽቡቕ እዩ ዝብል ወገን ፍልስፍና ኣሎ። እዚ መስመር ፍልስፍና'ዚ ንሓደ ተግባር ወይ ነገር ብመጠን ዝህቦ ረብሓ ወይ ጥቕሚ ዘይኮነስ በቲ ዝሓለኖ'ዩ ዝፈርዶ። ንምንታይ ሓሲብካ ጌርካዮ ወይ ኢልካዮ ወሳኒ ረቛሒ ይኸውን። ንኣብነት፣ ንሓደ ሰብ ከተዐንግሎ ኢልካ ዝቐረብካሉ መግቢ ምስ ተመገቦ ምስ ዘይሰማምዖ'ሞ ምስ ዝሓምም፡ ተግባርካ ጥዕና'ኳ እንተ ዘይሃበ ንጽቡቕ ሓሲብካ ስለ ዝገበርካዮ ግን ጽቡቕ ወይ ቅኑዕ ተግባር እዩ።

ናይ ረዲኤት ትካላት ዝህብኦ ሓገዝ ስለምንታይ እዩ ኣካታዒ ዝኸውን? ሓገዝ ጽቡቕ'ዩ፡ ይትረፈኒ እንብለሉ እዋናት ግን ኣሎ፣ እዚ ስምዒት'ዚ ብኸመይ ይመጽእ? ዕላማ ናይቲ ሓገዝ ንምሕጋዝ ጥራይ ከም ዘይኮነ ምስ እንፈልጥ፡ እቲ ሓገዝ እናኣድለየና እንክሎ ኣይንደልዮን። ስዒቡ ካብ ዝመጽእ መዘዝ ዘይንጹህ ሓገዝ ንምድሓን፡ ሓገዝ ንሕሰመሉ እዋናት ኣሎ። ስለዚ፡ ካብቲ ሓገዝ ክትረኽቦ ብእትኽእል ጥቕሚ ጥራይ ተደሪኽካ ሓገዝ ምቕባል ሓጋዚ ኣይኮነን።

ንምዝዛም፡ ክብርታት ሕብረተሰብና ኣበር- ነውሪ - ከየንጸላልዎም ናይ ምሕላው ሓላፍነት ብቐንዱ ሓላፍነት ናይ መንእሰይ ምኳኑ ክፍለጥ ኣለዎ። ቅኑዕ ተግባር፡ ትሕትና፡ ነብስኻ ምኽኣል፡ ጽሬት፡ ስነ-ምግባር፡ ትብዓት፡ ስሉጥነት፡ ምኽባር ግዜ፡ ትስፉውነት፡ ዓቕሊ፡ ሓቅነት፡ ፍትሓውነት፡ ሰላማዊ ምንብባር ወዘተ ብናጻ ድሌትና ኣካልና ንግበሮም። ኤርትራዊ ክብርታት ካብ ብዙሓት ዝሕረ እምበር ኣማራጺ ስኢንካ ዝሕረ ኣይኮነን። ተግባራትና ዘሐብንን ክትደግሞ ዘየስክፍን ክኸውን ምእንቲ ብኽብርታትና ተመሪሕና ንጓዓዝ።

***

ናይ ረዲኤት ትካላት ዝህብኦ ሓገዝ ስለምንታይ እዩ ኣካታዒ ዝኸውን? ሓገዝ ጽቡቕ'ዩ፡ ይትረፈኒ እንብለሉ እዋናት ግን ኣሎ፣ እዚ ስምዒት'ዚ ብኸመይ ይመጽእ?

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ተጋዳላይ ካሕሳይ ጉብረሂወት ኪዳነ እዩ ዝበሃል። ኣብ1987'ዩ ንሜዳ ተሰሊፉ። ቅድሚ ንሜዳ ምስላፉ ኣብ ፎሮ'ዩ ቈልዓ ኩይኑ ዝቐመጥ ነይሩ። ምስ መን ዓብዩ ስለ ዘይዝክሮ ድማ፡ ብዙሕ ወለዱ ይኹን ኣሕዋቱ ዝፈልጦ የብሉን። የግዱ ኣደይ ትብለጽ፡ ኣደይ ኣዳሽ፡ ኣቦይ ረዳ ዝበሃሉ ተቐማጦ ፎሮ፡ እቶም ብቑልዕነቱ ከሎ ብቐረባ ዝከታተልዎ ዝነበሩ ምንባሮም ይዝክር። ተጋዳላይ ካሕሳይ ሓደ ካብ'ቶም፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ 1986 ኣብ ከባቢ ፎሮ ኣብ ዝተኻየደ ዝነበረ ወተሃደራዊ ግጥም፡ ካብ ደብዳብ ነፈርትን ከቢድ ብረትን ጸላኢ ንኽድሕኑ ተባሂሎም፡ ብጀላቡ ተጻዒኖም ካብ ፎሮ ናብ ዓዲግ - ሱዳን ዝተሰዱ ቈልዑን ኣደታትን ዜጋታት እዩ። ብሱዳን ገይሮም ድማ

## ምስ ኣሕዋተይን ቤተሰበይን ኣራኺቡኒ!

ንሜዳ ከምዝኣተወ ይሕብር።

ተጋዳላይ ካሕሳይ ጉብረሂወት፡ ናጽነት ኩይኑ ምስ ኣተወ፡ ብዙሕ ሃለዋት መብቆሉ ክደሊ ብዙሕ ሳዕልን ታሕተትን'ኳ እንተበለ፡ ዛጊት ክረኽቦ ኣይከኣለን። ሓደ ካብ'ቶም ምስኡ ብምንኳኑ ደሃይ ወለዱን ቤተሰቡን ኣብ ምሕታት ዝተሓባበርዎ ዘለው፡ ተጋዳላይ ጥዑምዝጊ መብራህቱ'ዩ። ከም'ቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለጸ፡ ተጋዳላይ ጥዑምዝጊ፡ ኣብ'ቲ ኣብ 1986 ኣብ ፎሮ ኣንጻር ጸላኢ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ግጥም ዝተሳተፈ ኩይኑ፡ ካብ'ቲ ሽዑ ዝነበረ ጽዑቕ ኩናት ንምድሓን ተባሂሉ፡ ካሕሳይ ዝርከቦም ቈልዑን ኣደታትን ካብ ፎሮ ኣውጺኦም ብጃልባ ጽዒኖም ብሱዳን ሜዳ ከምዝኣተዉ ከምዝዝከሮም እዩ ዝዛረብ። ንካሕሳይ ግን ኣብ ፎሮ ቈልዓ ከሎ ኣይዝክሮን'ዩ። ሌላኦም ዝጀመረ ድሕሪ ናጽነት፡ ብጉርብትና ኣብ ኣስመራ ማይተመናይ እዩ። ጸገሙ ርእዩ ክሕግዞ ከም ዝተበገሰ ድማ ይሕብር። ክልቲኦም ተተሓሒዞም ከኣ፡ ናብ ቤት ጽሕፈትና መጺኦም።

ተጋዳላይ ካሕሳይ ጉብረሂወት ኣብ ዝሓለፈ ግዜ፡ ንምርግጋጽ መበቆል ስድራቤት ዝምልከት ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሓቲቱ ብዝረኸቦ ሰነድ መሰረት፡ እዞም ዝስዕቡ ኣሕዋቱን ቤተሰቡን ምዃኖም ዝገልጽ ጽሑፍ ተዋሂቡዎ። ብመሰረት'ቲ ዝተዋህቦ ሓበሬታ ከኣ፡ ተጋዳላይ ካሕሳይ ጉብረሂወት ክዕለም ከሎ፡ ኣብ መብቆላዊት ታዕለም ወረቐት፡ ስም ኣደኡ ብርሃን (ወይ ብርሃና) ጉብረሚካኤል፡ መበቆል ዓዱ ሰንዓፈ (ሸመጃና) ምዃኑ ክሕብር ከሎ፡ እዞም ዝስዕቡ ሰባት ድማ ኣሕዋቱን ቤተሰቡን ምዃኖም ምስኡ ተመዝጊቦም ጺሒሖም ኣለው።

ንሱቶም ከኣ፡ ናይ ቀረባ ተሓታቲ፡ ሃንስ ጉብረሚካኤል (ኣኮኡ ንካሕሳይ) ኣድራሻ ሸመጃና ዝበል እዩ። ኣሕዋቱን ኣሓቱን ንካሕሳይ ከኣ-

- ሓጎስ ጉብረሂወት ኣድራሻ ፎሮ፣
- ኣለም ጉብረሂወት ኣድራሻ ዓላ፣
- ሓድሽ ጉብረሂወት ኣድራሻ ኣዲስ ኣበባ፣
- ንግስቲ ጉብረሂወት ኣድራሻ ፎሮ፣
- ደስታ ጉብረሂወት ኣድራሻ ፎሮ፣
- ምሕረት ጉብረሂወት ኣድራሻ ሰንዓፈ (ሸመጃና) ዝብሉ እዮም።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ዓምዲ ስድራቤት፡ ከም'ቲ ቅድሚ ሕጂ ንዝተጣፍኡ ስድራቤት ኣብ ምርኻብ እትገብርዎ ምትሕብባርኩም፡ ሕጂ'ውን ተጋዳላይ ካሕሳይ ጉብረሂወት፡ ብዝዕባ'ዞም ልዕል ኢሎም ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣሕዋቱን ኣሓቱን ቤተሰቡን ዝፈልጥ ሰብ እንተሎ፡ ብመገዲ ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ሓገዞ ይደሊ። ኣሎ'ሞ፡ ኣፍልጦ ምስ ዝህልወኩም ምትሕብባርኩም ኣይፈለዮ ንብል። ዝኾነ ሓበሬታ ወይ ኣፍልጦ ኣለኒ ዝብል ሰብ እንተሎ ድማ፡ ብቑጽራታት ቴሌፎን 07299308 ወይ 07150747 ወይ 116266 ብምድዋል፡ ክትሕብርዎ ከም እትኽእሉ ንገልጽ።

ሄኖክ መሓሪ የማን እዩ ዝበሃል። እዚ ስም፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝሃቦ እዩ። ምኽንያቱ፡ ሄኖክ ወለዱ ይኹን ቤተሰቡ ኣይፈልጦን እዩ። ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን'ዩ ኣብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ (Group home) እናተኣለየ፡ ኣብ እምባደርሆ ዓብዩ።

ሄኖክ፡ ህጻን እንከሎ ብዕለት 23/07/2001 እዩ፡ ብናይ ሽዑ ኣጸዋውዓ ኣብ ዞባ ማእከል 01 ንኡስ ዞባ 05 ሰሜናዊ ብምራቕ ከባቢ ቤተ-ክርስትያን እንዳማርያም ሰዓት 10፡00 ምሸት ተደርብዩ ተረኺቡ። ሽዑ ሄኖክ ወዲ 25 መዓልቲ ኣቢሉ ይኸውን ነይሩ። ናዝሬት ሃብተማርያም ዝተባህለት ኣባል ፖሊስ ገበን መርመራ 2ይ መደበር ዝነበረት ድማ'ያ፡ ሓሙኽሽታይ ኣብ ዝመሰል ኣንሶላ ተጠቕሊሉ ኣብ ዘንበል

## ምስ ወለደይን ስድራቤተይን ክራኸብ ሓግዙኒ

ኣትዩ ረኺባቶ። 2ይ መደበር ፖሊስ ምስ ተረኽቦ ድማ፡ ብቐጥታ ናብ መካነ ሂወት ሆስፒታል ህጻናት ከም ዝወሰድ ተገይሩ፡ ዘድሊ ሕክምናዊ ክትትል ረኺቡ።

ኣብ መካነ ሂወት ሆስፒታል ህጻናት ምክትታል ምስ ተገብረሉ ከኣ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ምሉእ ሓላፍነት ወሲዱ ተቐቢሉዎ። ካብኡ ንደሓር፡ ክሳብ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ዝኸውን ኣብ ኣስመራ መናበዪ ዘኽታማት ምስ ጸንሐ፡ ብድሕሪኡ ናብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ እምባደርሆ ተሰጋጊሩ፡ ኩሉ መዳያዊ ክትትልን ሓልዮትን እናተገብረሉ ክሳብ ወዲ 18 ዓመት ዝኸውን ኣብኡ ዓብዩ። ኣባል 32 ዙርያ ኩይኑ ድማ ሳዋ ወሪዱ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቱ ዛዚሙ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ መንደፈራ - ዞባ ደቡብ፡ ምስ ኣፍረይቲ ትካላት ሚኒስትሪ ምክልኻል ተመዲቡ ሃገራዊ ኣገልግሎቱ ኣብ ምፍጻም ኣሎ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከኣ፡ ካብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ ተፋንዩ፡ ውልቃዊ ሂወቱ ኣብ ምምራሕ ይርከብ።

ሄኖክ፡ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ልዑል ኣደኒሆ ሂቡ ዝጽዕረሉ ዘሎ፡ ብዛዕባ መንነቱ ምፍላጥ እዩ። ካብ መን'የ ተወሊደ? ስድራቤተይ መን እዮም? መበቆል ዓደይ ኣበይ እዩ? ወዘተ ንዝብሉ ሕቶታት መልሲ ንምርካብ፡ ብመገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ዓምዲ ስድራቤት ሓበሬታኡ ናብ ኣንበብቲ ብምሃብ ተበጊሱ ኣሎ።

መንእሰይ ሄኖክ ብቓላቱ ከምዚ ክብል እዩ ዝገልጽ - "ስድራይ ክደሊ ዘገድሰኒ ምኽንያት፡ ክንዲ ሰብ ኣኺለ ስለዘለኹ መንነተይ ንምፍላጥ እዩ። ኣቦይ ኩነ ኣደይ፡ ጸገም ስለ ዘረኸቦም ደኣ ገዲፎምኒ እምበር፡ ጸሊኦምኒ ወይ ፈንፊኖምኒ ከምዘይኮኑ እርድኣኒ እዩ። እሞ፡ ኣብ ልዕሊ ወለደይ (ብፍላይ ወላዲተይ) ዝኾነ ቂምታ ከም ዘይብለይ ክገልጽ እፈቱ። ስለዚ፡ ወለደይ፡ ብሂወት እንተ ደኣ ሃሊዮም፡ ሸግረይ ተረዲኦም ክሓቑፉኒን ኣለና ክብሉኒን በዓል ዓቢ ተስፋ እዩ። ህዝብና ድማ ተሓባባሪ ስለዝኾኑ፡ ብዛዕባ መንነተይ ሓበሬታ ምስ ዝህልዎ ክሕግዘኒ ብሃንቀውታ እጽበ ኣለኹ።"

ሄኖክ ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ስለ'ቲ ብሂወት ሰሪሑ ተማሂሩ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ክበጽሕ ዘበርከቱሉ ሓልዮትን ክንክንን፡ ልባዊ ምስጋናኡ የቕርብ፡ ብተወሳኺ፡ ኑዶም ኣብ ሂወቱ ብሞራልን ካልእን ኣበርኪቶ ዝነበሩ ውልቀሰባትን ፈለጥቱን፡ የቐንየለይ ክብል'ዩ ዘመስግን።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ መንእሰይ ሄኖክ ንዝነንታኡ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ ብሕጽር ዝበለ ሓቢሩና ኣሎ'ሞ፡ ወለዱን ቤተሰቡን ኣብ ምርካብ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ኣይፈለዮ። እዚ ሂቡዎ ዘሎ ሓበሬታ ተገዚብኩም ክትሕግዝዎ ብሃንቀውታ እጸበየኩም ኣሎ። ስለዚ፡ ብዛዕባ መንነት ሄኖክ ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎናት 07497232 ወይ 07274186፡ ወይ ድማ 116266 ደዊሉ ሓበሬታ ክህብ ይኽእል።

ኣደታት ንስድራቤት ዝኸውን መግቢ ኣዳልየን ይቕርባ እየን። ስለዝኾነ፡ ዓቕን ናይቲ ዝሰርሕኦ ዓይነት መግቢ ምስ ጥዑይ ኣመጋግባ ዝሰሃድ ምዃኑን ዘይምዃኑን ከረጋግጻ ሓላፍነት ኣለወን። እዚ ማለት፡ እቲ ዝኸሸንኦ ወይ ዘዳለዋኦ ዓይነት መግቢ መኣዛዊ ትሕዝቶኡ ማለት ዓቐን ፕሮቲን፡ ስብሒ፡ ካርቦሃይድረትን ቪታሚንን ፈሊጠን ኩዳልዋኦ ዝጽበቐ ብምዃኑ'ዩ። እዛ ትስዕብ ጽሕፍቲ፡ ነዚ እትምልከት ኮይና፡ ተመራመርቲ ብመጽናዕቲ ዘረጋገጽዎ ውጽኢት'ዩ። ብፍላይ ኣደታት ድማ ክስተውዕላ እናዘኻኸርና ናብ ትሕዝቶኡ-

## ጥዑይ ኣመጋግባ ኣብ ስድራቤት ብኸመይ

ኣብቲ መጽናዕቲ እቶም ተመራመርቲ፡ ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ርጉእ ምምጋብ፡ ካብ ልዑል ጸቕጢ ደም ክከላኸል ከምዘኽእል ዝገልጽ'ዩ።

እቲ መጽናዕቲ ን15 ዓመታት ዝቐጸለ ኮይኑ፡ እቶም ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ርጉእ ዝበልዑ ሰባት ምስቶም ልዑል ቅብኣት ዘይብልዑ ምስ ተወዳደሩ፡ እቶም ትሑት ቅብኣት ዝወሰዱ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም ከማዕብሉ ዘለዎም ዕድል ኣዝዩ ውሒዱ ተረኺቡ። እቶም ልዑል ቅብኣት ዘለዎ ርጉእ ዝምገቡ ዝነበሩ ሰባት ድማ ካብቶም ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ብ31% ልዑል ጸቕጢ ደም ኣማዕቢሎም ስለዝተረኽቡ፡ ጸቕጢ ደም ዘለዎምን ብዕድመ ዝደፍኡን ሰባት ትሑት ቅብኣት ዘለዎም መግቢ ክምገቡ ኣዘኻኺሮም።

ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ርጉእ ልዑል ፕሮቲንን ከም ካልሲዩም፡ ፖታሲዩምን ማግኒዚዩምን ዝኣመሰሉ መኣዛታት መግቢን ዝርከቦ'ዩ። ኣብ ምንካይ ጸቕጢ ደም ተራ ዘለዎ ድማ በዞም ዝተጠቕሱ መኣዛታት መግቢ ሃብታም ስለዝኾነ ምዃኑ እቶም ተመራመርቲ ይእምቱ። ጸቕጢ ደም ዘለዎም ኣባላት ስድራቤት ዘለወን ኣደታት ድማ ዘዳልዋኦ መግቢ ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ክኸውን ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቦም።

ንሱቶም ኣስዒቦም፡ ልዑል ጸቕጢ ደም ሕማም ልቢን ወቕዒን ዘጋድድ ብምዃኑ፡ ጸቕጢ ደም ዘለዎም ሰባት ቅብኣት ዝበዝሖ መግቢ ካብ ምምጋብ ክቑጠቡ መኺሮም።

ኣቐዲሙ ብዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ብትሑት ቅብኣት ዝሰርሑ ውጽኢት ጸባ ዝኾኑ መግብታት፡ ጸቕጢ ደም ኣብ ምቁጽጻር ሓገዝቲ ከምዝኾኑ ተገሊጹ'ዩ። ከም'ኡ'ውን ብዙሕ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ምብላዕ፡ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር፡ መዓልታዊ ካብቲ ንብር ብሰለስተ ዕጽፊ ቅብኣት ዝጎደሎም ውጽኢት ጸባ መግብታት ምምጋብ፡ ኣዝዩ ድሩት ቅብኣት ዘለዎ ዕሹግ መግቢን ማእከላይ ዓቐን ሶዲዩምን ምውሳድ፡ ጸቕጢ ደም ኣብ ምንካይ ውጽኢታዊ ምዃኑ ይገልጽ። ትሑት ቅብኣት ዘለዎ ርጉእ፡ ኣዕጽምቲ ዝተማልአ ጥዕና ክህልዎም ዝሕግዝ ከምዝኾነ'ውን ይግለጽ'ዩ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ ጸቕጢ ደም ምስ ምውሳኽ ዕድመ እናዓበየ ዝኸይድ ሕማም ብምዃኑ፡ ምስ ደረጃ ዕድመ ዝኸይድ ኣመጋግባ፡ ጽኑዕ ሕክምናዊ ክትትል፡ ልዑል ቅብኣት ዘለዎ ርጉእ ካብ ምምጋብ ምቑጣብን ኑቲ ሕማም ኣብ ምቁጽጻር ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ መግቢ ኣባላት ስድራቤት ዘዳልዋ ኣደታት ወይ ኣሓት ብፍሉይ ክስተውዕላ ኣተሓሳሲቦም።



### ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 14:15 | ዶክመንት |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:35 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ወግዒ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ-ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ጉዕሽ ብርሃን በርህ ገብረመድህን፡ ተኸሳሲት ወረ/ፍ ኣለም መርሃይ ወልደጋብር ወረ/ፍ ርሻን መርሃይ ወልደጋብር ፡ ብስም ሓትኳይ ኻ/ለተዝጊ መርሃይ ወልደጋብር ብናይ ንብረት መመዝገቢ ቤ/ጽ ካዳስተር ንብረት ቁ/መዝ-51041ብቁ.መዝ-84470 ሊብሬቶ ዝተዋህበ ኣብ ኣስመራ ዞባ 3 ን/ዞባ ዞን ቀሓውታ ሎታ ቁ.24 "ኢ" ዝርከብ ኣብ 250 ት/ሜ ዝተደኮነ 1 ክፍሊ ገዛ 1 እንዳሞክን 1 ክፍሊ ዓይኒምድርን ዘለዎ ተራ ገዛ ኣሎ፡ ወላዲተይ ኻ/ ርሻን መርሃይ ወልደጋብርን ሓትኳይ ኻ/ ኣለም መርሃይ ወልደጋብርን ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ናይ ሓትኳይ ንዕአን ድማ ሓፍተን ኻ/ ለተዝጊ መርሃይ ወልደጋብር ምኻንን ቤ/ፍ ዘረጋገጸ ኮይኑ ነዚ ሓፍተን ብምትኳእን ኣብዚ ገዛ ንዘምቶቅልኦ ብገንዘብ ይኹን ብንብረት እቲ ብጽሒተን ንዓይ ክኸውን ብዕለት 23/01/2018 ኣብ ረጂስትራር ቤ/ፍ ዞ/ማእከል ቀሪበን ብሓባር ብዝተመዝገበ ውዕል ውህብቶ ሂበናኒ እየን ስለዚ ግምት ዋጋ ናይ ብጽሒተይ ብሓባር 142,857.14 (ሓደ ሚእትን ኣርብዓን ክልተን ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ሓምሳን ሸውዓተን) ክወሃበኒ ናብ ስመይ'ውን ክመሓላለፈለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኤሽንኢዝር ኢሳያስ እምባፍረሽ ምግባል ተረፉ፡ ኤሽንኢዝር ኢሳያስ እምባፍረሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ጆርጆ ተስፋማርያም ማዘንግዐ፡ ተኸሳሲት ሳባ እዮብ መንግስቱ፡ ሳምሶም ገብረእግዚኣብሄር ሃብተጊዮርጊስ ናይ ስም ምትሕልላፍዋንነትዘይንቀሳቐስንብረትክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ን6/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንፈልጥ።<span class="hardReturn"></span>

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

መሓሪ ተመስገን ተወልደ፡ ኣደይ ኣባ ማስሉኣብ ግርመ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሰስቲ ወ/ሮ ሄለን መንግስ ከበደ፡ ተኸሰስቲ ወረስቲ ኻ/መንግስ ከበደ ተኸለዝጊ፡ 1. ወ/ሮ ትብለጽ ፍስሃ 2. ወ/ሮ ዊንታ መንግስ 3. ኣቶ ሳምሶም መንግስ 4. ኣቶ ሚሮን መንግስ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ እምባደርሆ

ጸገሮማን ዑቕባሚካኤል ጉብኡ፡ በዓል ቤተይ ኣፈወርቂ ተኽለማርያም ገብረመድህን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ መንደፈራ

ሰላም ኣብርሃም፡ በዓል ቤተይ ተኽለም በየነ ጉታ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 2 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሰዓረ ኣብርሃም ሃብቱ፡ ኣቦይ ኣብርሃም ሃብቱ ገብረዝጊ ስለዝተሰወአ፡ ኣደይ ለተብርሃን ወልደገብረኤል ተስፋየናስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳሙኤል ኣብዲ ገብረሚካኤል ምግባል ተረፉ፡ ሳሙኤል ዑቕባማርያም ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሚከኤለ ሽሻይ ተኽለ ምግባል ተረፉ፡ ያፌት ሽሻይ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ጸሮና

ፍትሓዊት ማጆር ሚከኤል ምግባል ተረፉ፡ ፍዮሪ ማጆር ሚከኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሸማንገስ ተስፋሚካኤል፡ ኣቦይ ተስፋሚካኤል ኣባይ ስለዝዓረፈ፡ ንወ/ሮ ግምጃ ተስፋኣለም ናይ መጸምዲ ማሳለ ይተሓለወላ፡ 10 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ከረን

ኣቶ መሳ ስፋፍ ኣዳላ፡ ኣቦና ኣቶ ስፋፍ ኣዳላ ስሊሙዮን ወ/ሮ ሓሊማ ዓሊ ኣቦዓረን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ሞልቂ

መርሃዊት ኣማረ ኣማኒኤል ምግባል ተረፉ፡ ፊሽን ኣማረ ኣማኒኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ወ/ሮ ደርግኣለም ሓጎስ ኣርኣያ ዝተባህልኩ፡ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣኽርያ ከባቢ ምህራም-ጭራ ዚፕ-ኮድ 1A134 ፕሎት 26 ፓርሰል B ዝርከብ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት 1፡004630 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንኑ፡ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኦርጂናል ዋንነት ሰነድ ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበለ ሰብ እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07850216 ክሕብረኒ እንተዘይሒቡኒ ድማ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ቅዳሕ ክወጽእ ምዃኑ ይሕብር።

ወ/ሮ ደርግኣለም ሓጎስ ኣርኣያ

---

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ደርሆ፡ እንቋቑሖን፡ መዓርን)
ዓዳጊ፦ ሓይሊ ኣየር
ኣርእስቲ ዕድጊ፡ ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንዓመት 2025 ካብ ወርሒ 01/2025 ክሳብ ወርሒ 12/2025 ንኣባላትን ተመሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ኮማርት ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ደርሆ፡ እንቋቑሖን፡ መዓርን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2020 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስ መንነትን የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ንቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓ/ኣየር 155506 ወይ 155500 ይወከሱ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 7 መዓልታት ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰዓት 10፡00ቅ.ቀ፡ ተሳተፍቲ ሕጋውያን ወከልቲ፡ ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ሰነድ ሰነድን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድጊ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (CPO) 50,000 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዘኣዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሓ/ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴሌፎን 155506/155500

---

ኣነ ኣመልካቲት ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/08 ቁሎታ 65 ቁ.ፓርቸላ E/1 ዝርከብ ኣብ 167.09 ት/ሜትር ዝተደኮነ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቁምስክር ወረቐት 116624 መወከሲ ቁ.115913 ዝተመዝገበ ኦርጂናል ናይ ዋንነት ሰነድ ስለዝጠፍኣኒ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበለ እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 163585 ክሕብረኒ እንተዘይሒቡኒ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ቅዳሕ ክወጽእ ምዃኑ ይሕብር።

ወ/ሮ ኣለን ተኽለ ተስፋይ

---

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እኖኽብራን እንፈትዋን ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ለተገርግሽ ሃብቱ፡ በዓልቲ ቤቶም ንፍስሄር ኣቶ ወልደስላሴ ኣርኣያ (ገበል) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ኣብ ዝተገብረላ ጸሎተ-ፍትሓት ዝተሳተፍኩም ተቐማጦ ሜሪላንድ ከባቢኣን ኣብ ኣስመራ ሬሳ ዝተቐበልኩምን ኣብ ስሩ ስርዓት ቀብራ ኣብ ኮርባርያ (ን/ዞባ ደቀምሓረ) ዝተሳተፍኩም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ወሽጥን ወጻእን ተሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና፡ ምስጋናና ብምቕራብ ሓዘንና ከም ዝዓጸና ብትሕትና ንሕብር።

ደቃን ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

## ምልክታ ጨረታ (ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ)

ውዕል ጽገናን ኣገልግሎታትን (ፕሪንተራት፡ ፎቶ ኮፒየራት፡ ውሽጣዊ መስመር ቴለፎናት ቸንትራለ (PBX) SIMENS፡ ኣብ ሕክምና ኢናኢል ዝርከብ እሳንስዩር (lift)፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነሬተራት፡ ምሕጻብ መካይን (ላቫጆ)፡ ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን፡ ጽገና ኮምፒዩተራትን መቀያየሪኡ፡ ጽገና ዝተፈላለዩ ራድያቶረታትን

ዓዳጊ፦ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ
ኣርእስቲ ውዕሉ፦ ውዕል ዓመታዊ ጽገናን ኣገልግሎትን
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንዓመት 2025 ንትካሉ ዝውዕል ጽገናን ኣገልግሎታትን ዝሁብ ትካላት ኮማርት ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ይዕድም።

1. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ወሃብቲ ጽገናን ኣገልግሎታትን (ውሽጣዊ መስመር ቴለፎን ቸንትራለ (PBX) SIMENS ኣብ ሕክምና ኢናኢል ዝርከብ እሳንስዩር (lift)፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነሬተራት፡ ምሕጻብ መካይን (ላቫጆ)፡ ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን፡ ጽገና ዝተፈላለዩ ራድያቶረታት) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ተወዳደርቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2021 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓይሊ ኣየር 155500፡ 155506 ወይ155510 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 7 መዓልታት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ሰነድ ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድጊ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ( cpo) 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘኣዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴሌፎን 155500/155506/155510

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደሃይ ኣትለቲክስ

### መርሃዊ፡ ኣብ ስሎቫክያ ነሓስ መዳልያ ተዓዊቱ

ኤርትራዊ ኣትሌት መርሃዊ ከሰተ፡ ሰንበት 6 ጥቅምቲ ኣብ ስሎቫክያ ኣብ ዝተካየደ ውድድር ማራቶን፡ ሳልሳይ ብምኳታው ነሓስ መዳልያ ኣንጠልጢሉ።

እቲ 'ማራቶን ሰላም' ተባሂሉ ዝጸዋዕ ውድድር፡ ኬንያዊ ኣትሌት ደኒስ ቺርቺር እዩ - ብ2 ሰዓት፡ 7 ደቓይቕን 49 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ኢትዮጵያዊ ማስፍን ቶላ ብ2 ሰዓት፡ 7 ደቓይቕን 57 ካልኢትን ብሩር መዳልያ ክንጠልጥል እንከሎ፡ መርሃዊ ከሰተ ከኣ፡ ብ2 ሰዓት፡ 8 ደቓይቕን 4 ካልኢትን ሳልሳይ ኣትዩ።

እቲ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዐቅብ ክብሮም፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ በርሊን ማራቶን ናይ ውልቁ ክብረወሰን ዘመሓየሸሉ ግዜ ሃሪሙ።

ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ናይ ማራቶን ውድድራት ንዝኾነ በርሊን ማራቶን፡ ኢትዮጵያዊ ሚልከሳ መንገሻ ብ2 ሰዓት፡ 3 ደቓይቕን 17 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ዕቝብ ከኣ፡ ብ2 ሰዓት፡ 5 ደቓይቕን 37 ካልኢትን ሻሙናይ ብምኳታው፡ ናይ ውልቁ ዝበለጸ ግዜ ሃሪሙ። እቲ ወዲ 26 ዓመት ኣትሌት፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ጀርመን ከተማ ሃምቡርግ ዝ. ናይ 42 ኪሎሜተር ውድድር 2 ሰዓት፡ 6 ደቓይቕን 50 ካልኢትን ወዲእዎ ነይሩ።

ብዘይካዚ፡ ዕቝብ፡ ሰለስተ ግዜ ንማራቶን ብትሕቲ 2 ሰዓትን 6 ደቓይቕን ዝወድአ ናይ ፈለማ ኤርትራዊ ብምዃኑ ታሪኽ ሰሪሑ። ንሱ ኣቐዲሙ ብ6 ታሕሳስ 2020 ኣብ እስጳኛ ከተማ ቫለንሺያ 2 ሰዓት፡ 5 ደቓይቕን 53 ካልኢት ክዘርም እንከሎ፡ ዓሚ ኣብ ተመሳሳሊት ሃገር ከተማ ባርሴሎና ከኣ፡ ብ2 ሰዓት፡ 5 ደቓይቕን 51 ካልኢትን ውድድሩ ዛዚሙ።




ኣትለት መርሃዊ ከሰተ (የማን)

## ዜና ብሓጺሩ

* ኣጥቃዓይ ማን ዩናይትድ ኣለሃንድሮ ጋርናቾ፡ ብሰንኪ ዝተሰምዖ ዘይምቹእነት ንሃገሩ ኣርጀንቲና ካብ ምውካል ቦኺሩ።

እቲ መንእሰይ፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ግጥማት ኣብ ብርኩ ጸገም ከም ዘለዎ ብምግላጹ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ናይ ተሃድሶ ግዜኡ ዛዚሙ ናብ ጸወታ ክምለስ ተተስፊዩ ምህላዉ ሓቢሩ። ብኣንጻሩ፡ ወዲ ሃገሩ ተጻዋታይ ሊቨርፑል ማክ ኣሊስተር፡ መጉዳእቲ ገጢምዎ እንከሎ ናብታ ሻምፕዮን ዓለም ዝኾነት ሃገራዊት ጋንታ ተጸምቢሩ ኣሎ።

* እስጳኛዊ ተጻዋታይ ባርሴሎና ፈራን ቶረስ፡ ሰንበት ንኣላቨዝ 3-ብ0 ኣብ ዝሰዓርሉ ጸወታ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ከም ሳዕቤኑ፡ ንሃገሩ ኣብ ግጥማት 'ኔሽንስ ሊግ' ኣይኸውክላን እዩ።

እቲ ወዲ 24 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ሸሞንተ ሰሙንቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ተገሚቱ ኣሎ።

* ብመሰረት ጋዜጣ ቴሌግራፍ፡ ዎልቨስ፡ ወላ'ኳ ካብ ቀዳሞት ሸውዓተ ግጥማት ፕሪመር ሊግ ኣብ ሽዱሽተ ተሳዒራ ትኹን፡ ንኣሰልጣኒኣ ጋሪ ኦኔል ከተባርር መደብ የብላን። እቲ ዓሚ ግዜ ክትህቦ ወሲና ዘላ ዎልቨስ፡ ብሓንቲ ነጥቢ መወዳእታ (መበል 20) ትርከብ።

## ኮሚሳ እግሪ ናይ ኮሚሽነራትን ገምገምቲ ዳያን ስልጠና ተዋሂቡ




ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ብዓይነቱ ናይ መጀመርታ ዝኾነ ናይ ኮሚሽነራትን ገምገምቲ ዳያትን (CO MISSIONARIES & REFEREE ASSESSORIES) ስልጠና፡ ኣብ ኣስመራ ሂቡ።

እቲ ካብ 1 ክሳብ 5 ጥቅምቲ ዝተኻየደ ስልጠና፡ ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡ ክልተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 56 ሰልጠንቲ ተሳቲፎም። ዕላማ'ቲ ሓደ ካብ ኣገደስቲ መደባት ሃገራዊ ፌደረሽን ዝኾነ ስልጠና፡ ንኽጀምር ተወጢኑ ኣብ መስርሕ መጻንዕቲ ዝርከብ ሃገራዊ ሊግ ቅድመ ምድላውን እኹል ዓቕሚ ሰብ ምቕራብን፡ ብዘዋኒ ኣብ መላእ ሃገር ንዝካየዱ ውድድራት ብዝተሓደሱን ዝማዕበሉን ሕግታት ኩዕሶ እግሪ ምውሓሶም እዩ።

እቲ ስልጠና ምስ ዝተሓደሱ ሕግታት ኩዕሶ እግርን ኣተሓሕዛን ገምጋም ደያትን ዝሕግዙ ሓሳባት ዝጠቓለለ ነይሩ። ብሰለስተ ኢንስትራክተራት ኣቶ. ልኡልሰገድ ጉብረሚካኤል፡ መም. ኣንገሶም ዕቑባማርያምን መም. ግርማይ የውሃንስን ከኣ ተዋሂቡ።

ኣቡቲ ኣጋጣሚ ፕረዚደንት እቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ኣቶ. ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ዕላማ'ዚ ስልጠና ውድድር ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ብዝተመልመሉ ሰብ ሞያ ገይርካ ምስ ናይ ፊፋን ካፍን ዝሰነ መለክዒታት ብምግዓዝ፡ ሓደ ቅርጺን ስርዓት ኣኾቢቡ ንምትሓዙም ምዃኑ ገሊጹ። ዞባውያን ፌደረሽናት ንዝተረኽበ ዕድል ብምጥቃም ንሰልጠንቲ ናብ ስራሕ ዝኣትውሉ ባይታ ከጣጥሓ ድማ ተላቢዩ።

እቲ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምትሕብባር ስልጠና ኣሰልጠንቲ ንመምህራን ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ሂቡ።

ካብ ዕለት 30 መስከረም ክሳብ 5 ጥቅምቲ ዝተዋህበ እዚ ናይ ላይሰንስ "ዲ" ስልጠና፡ ሰለስተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብዎም 30 ምምህራን ኣካላዊ ብቕዓት ተሳቲፎም። ኣብ ዘመናዊ ኣሰለጣጥና ኩዕሶ እግሪ ወጥን ልምምድን ኣተኲብርኡን ናይ ብቕዓት መለክዒታት ኩዕሶ እግሪ ጽልዋኡ ኣብ ተጻወትቲን ኣጸዋወታን ዘጠቓለለ ምንባሩ ከኣ፡ ህዝባዊ ርክባት እቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ሪያል ማድሪድ፡ መተካእታ ካርባሃል ተናዲ


እስጳኛዊት ክለብ ሪያል ማድሪድ፡ መተካእታ ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊኣ ዲኒ ካርባሃል ተናዲ ምህላዉ ተሓቢሩ።

ሓለቓ እዛ ጋንታ ዝኾነ ካርባሃል፡ ቀዳም ንቪያሪያል 2-ብ0 ኣብ ዝሰዓርሉ ጸወታ፡ ከቢድ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። እቲ እስጳኛዊ፡ ሰሪዚ እናኑብዐ ክወጽእ ዝቖሰቦ መጉዳእቲ፡ ዳግማይ ኣብዚ ወቕቲ ናብ ጸወታ ክምለስ ከም ዘይክእል ይእመት። በዚ ከኣ፡ እዛ ዓርሞሸሽ ጋንታ፡ ኣብ ቦታኡ ዝሰለፍ ብቑዕ ተጻዋታይ ኣብ ምድላይ ትርከብ።

ብመሰረት ጋዜጣታት እስጳኛ፡ ማድሪድ፡ ከም ቀዳማይ ኣማራጺ ንተኸላኻሊ ሊቨርፑል ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ ኢያ ሒዛቶ ዘላ። ሊቨርፑል፡ ነዚ ካብ ወሰንቲ ተጻወትታ ሓደ ዝኾነ እንግሊዛዊ ብቐሊሉ ክትለቆ ዘለዋ ተኽእሎ ግና ስሑው እዩ - ወላ'ኳ ውዕሉ ኣብ ክረምቲ 2025 ዝዛዘም እንተኾነ።

ማድሪድ፡ ኣብ ኣርኖልድ ገይራቶ ዘላ ጠመተ ፍረ ኣልቦ እንተ ኾይኑዋ ከኣ፡ ንናይ ቅድም ተጻዋታያ ኣሽራፍ ሓኪሚ ከም ኣማራጺ ሒዛቶ ኣላ። ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ናይ የማን ተኸላኸልቲ ዝኾነ ሓኪሚ፡ ኣብ 2016 ናብ ዓበይቲ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብ ማድሪድ እኳ እንተ ጀመረ፡ ዕዉት ግዜ ከሕልፍ ብዘይምኽኣሉ ኣብ 2020 ናብ ኢንተር ሚላን ተሸይጡ። ካብ 2021 ጀሚሩ ከኣ፡ ንፒኤስጂ የገልግል ኣሎ።







## ጃክሰን ክቕጻዕ . . .

ኣጥቃዓይ ቸልሲ ኒኮላስ ጃክሰን ክቕጻዕ ከም ዝኽእል ተገሊጹ። ንሱ ድሕሪ'ቲ ሰንበት ኣብ ሜዳኦም ኣንጻር ኖቲንግሃም 1-ብ1 ኣብ ዝተፈላለዩሉ ጸወታ፡ ንተኸላኺሊ ኣንጻር ጋንታኡ ሞራቶ ምጽፍዑ ይፍለጥ።

ጃክሰን ኣብቲ ኣብ መንጎ ተጻወትቲ ክልቲኤን ጋንታታት ዝተፈጥረ እምቢጋሮ እዩ ንሞራቶ ጸፊዕዎ። ዳኛ ስለ ዘይረኣየን ተሓጋጋዚት ቪድዮ ዳኝነት (ቫር)'ውን ነታ ፍጻመ ብእዋኑ ስለ ዘይመርመረታን ብድሕሪ እቲ ፍጻመ ተቐይሩ ዝወጸ ሴጋዊ ቀጥታዊ መቕጻዕቲ ኣይወረደን።

ብመሰረት ጋዜጣ ፉትቦል ለንደን ግና፡ እዛ ፍጻመ ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ (ኤፍኤ) ዳግማይ ተረኢያ ንጃክሰን ግዱይ መቕጻዕቲ ክትግበር ትኽእል እያ። ቸልሲን ኖቲንግሃምን'ውን ተጻወትተን ክቆጻጸራ ብዘይምኽኣለን መቕጻዕቲ ክገጥመን ተገሚቱ ኣሎ።





እቲ ዕግርግር፡ ተኸላኻሊ ኖቲንግሃም ኒኮ ዊሊያምስ ንተጻዋታይ ቸልሲ ማርክ ኩኩረላ ደፊኡ ናብ ኣሰልጣኒኡ ኢንዞ ማረስካ ምጽዳፉ እዩ ተላዒሉ። ናይ ክልቲኤን ጋንታታት ተጻወትቲን ኣቦላትን ስለ ዝተሓወስዎ ድማ፡ ካልእ መልክዕ ሒዙ ተኻሪሩ። ኣብታ ኣብ 78 ደቒቕ ዘጋጠመት ፍጻመ፡ ዋርድ ፕሮወስ ካብ ኖቲንግሃም ብቐይሕ ካርድ ተባሪሩ እዩ።

## ውድድር ኩዕሶ ሰኪዔት ተዛዚሙ

ንዝኸሪ ተጻዋታይን ኣሰልጣኒን ኩዕሶ ሰኪዔት ዝነበረ ስውእ ተኪአ ኪዳነ ዝተሰርዐ ካብ ስልጠና ሚኒ-ኩዕሶ ሰኪዔት ናብ ሳልሳይ ዲቪዥን ዝሰገሩ ንኣሽቱ ተጻወትቲ ክሳተፍዎ ዝቐረቡ ውድድር፡ ብቐደማ ትማሊ ሰንበት ኣብ ሜዳ ፖቸፈልያ ተዛዚሙ።

ኣቡቲ ስድራ ቤት ስውእ ተኪኣን ወለዲ ሰልጠንቲን ዝተረኽብሉ ናይ ፍጻመ ጸወታ፡ ተሰፉ ኣንጻር ተኻእቲ ኤንኤም.ቢ. ተጻዊታ። ተሰፉ ከኣ ብጸበብ 63-ብ61 ብምዕዋት ወርቂ መዳልያ ተሸሊማ።

ኣብዚ ውድድር፡ ተጻወትቲ ተሰፉ ሰናይ ሰዓረ ብሉጽ ተኸላኻሊ (ብሎከር) ክምኡ'ውን ተማሰገን በላይ ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ክበሃሉ እንከለው፡ ሰምኣን ተኽሉብርሃን ካብ ጋንታ ተኻእቲ ብሉጽ ኣከፋፋሊ (ፕለይ ሜከር)፡ ዩኤል ሰይፉሚካኤል ድማ ናይ ጠባይ መዳልያ ካብ ስድራቤት ስውእ ተኪአ ኪዳነ ካልኦት ናይ ክብሪ ዕዱማትን ተቐቢሎም።

እዚም ሰልጠንቲ ዘርኣይዎ ጸወታን ብቕዓትን ንኣገዳሲነት ስልጠና ሚኒ-ኩዕሶ ሰኪዔት ዘንጸባርቕ ብምዃኑ፡ ተኻእቲ ተጻወትቲ ኣብ ምፍራይ ዘለዎ ኣገዳስነት ልዑል ስለ ዝኾነ፡ ቀጻልነቱ ክውሓስ ተዓዚቡቲ ከም ዝተላበወ ከኣ፡ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ኩዕሶ ሰኪዔት ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

## ዱራን ውዕሉ ኣናዊሑ

ሓደ ካብ ኣገደስቲ ተጻወትቲ ኣስቶን ቪላ ክኸውን ከኢሉ ዘሎ ጆን ዱራን፡ ክሳብ ኣብዛ ጋንታ ስ 2030 ዘጸንሖ ሓድሽ ውዕል ፈሪሙ።

ኣብ ጥሪ 2023 ካብ ኣመሪካዊት ክለብ ቺጋጎ ፋየር ናብዛ ጋንታ ብ18 ሚልዮን ፓውንድ ዝተጸምበረ ዱራን፡ ኣቡቲ እዋን ክሳብ ስ 2028 ዘጸንሖ ውዕል ፈሪሙ ነይሩ። በዚ ሓዲሽ ውዕል ከኣ፡ ንሸውዓተ ዓመታት ኣብ ስታድየም ቪላ ፓርክ ክጸንሕ እዩ።

ኣብዛ ክረምቲ ካብ ቸልሲን ዌስትሃምን ተጉዳስነት ድሕሪ ምርካቡ ካብ ቪላ ክወጽእ ተቓሪቡ ዝነበረ እቲ ኮሎምብያዊ፡ ኣብዚ እዋን ተቐይሩ እናኣተወ መዐወትቲ ሸቶታት ብምምዝጋብ ንጋንታኡ ልዑል ተራ ኣብ ምጽዋት ይርከብ። ዛጊት ኣብዛ ወቕቲ ኣብ ናይ ሊግ ግጥማት ኣንጻር ዌስት ሃም፡ ሌስተርን ኤቨርተንን መዐወትቲ ሸቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ። ዝሓለፈ ሰሙን ንዓባይ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ 1-ብ0 ኣብ ዝሰዓርሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ ድማ፡ ንእኽኮ ሸቶ ባዕሉ ከም ዘመዝገቦ ይፍለጥ።

እቲ ወዲ 20 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ዛጊት ንቪላ ኣብ 56 ዝተፈላለዩ ግጥማት ክጻወተላ እንከሎ፡ 14 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ይርከብ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## እስራኤል፡ ዝኸሪ ምጅማር ኲናት ቓዛ ትጽምብል

### ኣብ ልዕሊ ከተማ በይሩት ደብዓብ ይቕጽል

ኩናት እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ሓደ ዓመት ኣብ ዘቑጸረሉ፡ ሓያሎ ዜጋታት እስራኤል ንዝኽሪ'ቶም ብዕጡቓት ሓማስ ዝተቐትሉ ሰባት ንምዝካር ሕቷፍ ዕዝበ ኣንበርም።

ኣብ'ቲ ኣብ ተለኣቪቭ ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስትር ጉዳያት ወጻኢ ፈረንሳ ዣን ኖኤል ባሮት ከም'ኢተሳተፈ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ ምስ ቓዛ ኣብ ዘዋውብ ከበቢታት ኣብ እትርከብ ረይም ዝተባህለት ከተማ እውን ሰድራ ናይ'ቶም ግዳያት ተኣኪቦም ናይ ሽምዓ ዝኽሪ ኣቑዲዶም።

ኣብ መወዳእታ ዝሓለፈ ሰሙን ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን ብዘሀበ'ቲ ኣብ ልዕሊ ቓዛ ብዘይዕረፍቲ ዝፍጸም ዘሎ ደብዓብ ኣብ ዘሎ መግለጺ፡ ሃገሩ ናብ እስራኤል እትገብሮ ምልኣኽ ኣጽዋር ደው ከም'እተብሎ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ርክብ እስራኤልን ፈረንሳን ናይ ምዝሓል ኣንፈት የርኢ ከምዘሎ ተንተንቲ ገሊጾም።

ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ፡ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ዶብ እስራኤል ጥሒሱ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ብምኽያዱ ኣስታት 1200 እስራኤላውያን ክቕተሉ እንከለው፡ ኣስታት 250 ካልኦት ድማ ጅሆ ከም'እተታሕዙ'የም ምንጭታት እስራኤል ዝጠቕሱ።

እስራኤል ድሕሪ'ቲ ብሓማስ ዝተፈነወ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ኣልማማ ደብዓብን ናይ ኢጋር መጥቃዕቲ ኣብ ምክያድ ከም'እትርከብን ከም ሳዕቤኑ ካብ ህይወት ልዕሊ 41,400 ፍልስጤማውያን ሰላማውያን ሰባት ከምዝጠፍኣን ይግለጽ።

ብዘወሳኺ እስራኤል፡ ኣብ ዓሚ 7 ጥቅምቲ ዝተፈነወ መጥቃዕቲ ሓማስ ምኽንያት ብምግባር፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ኣብ ልዕሊ ዝርከብ መደበራት ናይቲ ጉጅለ ምኳኑ ዝገለጾቶ ከበቢታት ሰፊሕ ደብዓብ ኣየር ከምዝተኻየደት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ገሊጹ።

ብዘይካዚ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ በይሩት - ርእሰ ከተማ ሊባኖስ ደብዓብ ኣብ እትቕጽለሉ ዘላ እዋን፡ ካብቲ ቀጽሪ ናይቶም ብደብዓብ ኣየር እስራኤል ዝተቐትሉ ሊባኖሳውያን 1400 በጺሑ ምህላዉ ሰብ መዚ'ታ ሃገር ኣረጋጊጾም።

ሓይልታት እስራኤል ብመሬትን ኣየርን ኣንጻር ሊባኖሳዊ ጉጅለ ሕዝቦላህ መጥቃዕቲ ኣብ ዝቕጽልሉ ዘለዉ እዋን፡ ሰላማውያን ሰባት ካብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ክግዕዙ ኣዚዞም ከምዘለዉን ካብቲ ብሰንኪ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ኲናት 1.2 ሚልዮን ሰባት ተመዛቢሎም ከምዘለዉን ሰብ መዚ ሊባኖስ ብዘወሳኺ የመልክቱ።



## ሩዋንዳ፡ ክታበት ጸረ-ቫይረስ 'ማርበርግ' ጀሚራ

መንግስቲ ሩዋንዳ ኣብ ሃገሩ ተኸሲቱ ዝሎ ምስ ሕማም ኢቦላ ዝመሳሰል ቫይረስ 'ማርበርግ' ንምግታእ ክታበት ከምዝጀመረ ተሓቢሩ።

ቫይረስ 'ማርበርግ' ኣብ ሩዋንዳ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም ካብ ዝኸሰት ንደሓር 12 ሰባት ከምዝሞቱ ዝገለጸ ሚኒስትሪ ጥዕና'ታ ሃገር፡ እቲ ክታበት ዝሓለፈ ሰንበት ብህጹጽ ከ ም ዝ ጀ መ ረ ኣረዲኡ።



ፈለማ እቲ ቫይረስ ኣብ ማእከላት ጥዕና ሩዋንዳ ተዓቒቡም ኣብ ዝነበሩ ሕሙማት ከም'እተረኸበ ዝዘከር ኮይኑ፡ ጠንቂ እቲ ለበዳ ክሳብ ሕጂ ኣይተረጋገጸን።

ሩዋንዳ ዝሓለፈ ቀዳም 700 ብልቃጥ ክታበት ኣብ ኣመሪካ ካብ ዝርከብ ትካል ምፍራይ ክታበት ሳቢን ከም'እተቐበለት ዝሓበረ ሚኒስትሪ ጥዕና'ታ ሃገር፡ እቲ ብቐዳምነት ክታበት ኑቶም ዝያዳ ኑቲ ቫይረስ ዝተቓልዑ ዜጋታት ማለት ኣብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት፡ ኣሃዱ ጽዑቕ ክንክንን ብቲ ቫይረስ ከም'እተለኽፉ ምስ ዝተለለዩ ግዳያት ርክብ ዝጸንሓምን ክኢላታት ጥዕና ክወሃብ ምኳኑ ገሊጹ።

ይኹን'ምበር፡ ብውድብ ጥዕና ዓለም ፍቓድ ዝተዋህቦ ጸረ-ቫይረስ 'ማርበርግ' ወግዓዊ ክታበት ዛጊት ከምዘየለ እዩ ዝጥቀስ።

ኣብ ሩዋንዳ ካብ ሕጂ ብቲ ቫይረስ ዝተለኽፉ 46 ሰባት ከምዘለዉን ካብዚኦም ድማ እቶም 29 ተወሸቦም ከምዝርከቡን መንግስቲ'ታ ሃገር ኣቢሩ።

ብቲ ቫይረስ ምስ ዝተለኽፉ ሰባት ርክብ ዝጸንሖም 400 ካልኦት ድማ ተወሸቦም ከምዘለዉ ሰብመዚ ጥዕና'ታ ሃገር ኣረጋጊጾም።

ቫይረስ 'ማርበርግ'፡ ካብ መንካዕ ከምዝተባበስ ዝእመን ኮይኑ፡ ምስ ኣካላት ናይ'ቶም ዝተለኽፉ ሰባት ብዝህሉ ኣካላዊ ምትንኻፍ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ።

## ፓኪስታን - ኣብ ልዕሊ ቻይናውያን መጥቃዕቲ ተፈጺሙ

ኣብ ፓኪስታን ኣብ ጥቓ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ካራቺ ብዝተፈጸመ ሽበራዊ መጥቃዕቲ፡ 2 ቻይናውያን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ሓደ ድማ ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረዶ፡ ኤምባሲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ኤምባሲ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ እቲ መጥቃዕቲ ንቻይናውያን ሰራሕተኛታት ኩባንያ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ወደብ 'ቃሲም' ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ ኣቢሩ።

ፕሮጀክት ወደብ 'ቃሲም'፡ ኣብ ከባቢ ካራቺ ክልተ ትካላት መመንጨዊ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንምህናጽ ዝዓለመ ብቻይና ዝካየድ ዘሎ ፕሮጀክት እዩ።

ኣብ ፓኪስታን ዝርከብ ኤምባሲ ቻይና ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ነቲ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ብምኹናኑ፡ መንግስቲ ፓኪስታን ነቲ መጥቃዕቲ ብዕምቆት ክምርምሮን እቶም ገበነኛታት ድማ ተታሒዞም ክቕጽዑን ድሕሪ ምጽዋዕ፡ ድሕነት ዜጋታት፡ ትካላትን ፕሮጀክትታትን ቻይና ኣብ ፓኪስታን ንምርግጋጽ መንግስቲ'ታ ሃገር ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድ ኣተሓሳሰበ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዕጡቕ ጉጅለ ሰራዊት ሓርነት ባሎቺስታን ነቲ መጥቃዕቲ ምሉእ ሓላፍነት ወሲዱሉ ኣሎ።

እቲ ዕጡቕ ጉጅሌ፡ ምስ ኢራንን ኣፍጋኒስታንን ኣብ እትዳወብ ዘውሓደ ህዝቢ ዘለዋ ኣውራጃ ባሎቺስታን ካብ ፓኪስታን ንምንጻል ዝንቀሳቐስ ተቓዋሚ ሓይሊ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት እውን ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ፓኪስታን ዝህሉጽ ዘሎ ብቻይና ዝምወል ፕሮጀክት ሓይሊ ማይ 'ዳሱ' ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሓሙሽተ ቻይናውያን መሃንድሳትን ሓደ ፓኪስታናውን ከም'እተቐትሉ ይዝከር።



## ሩስያ፡ ብሃይድሮጅን እትንቀሳቐስ ጃልባ ሰሪሓ

ሩስያ፡ 'ኢካባልት' ዝተባህለት ፈላሚት ብሃይድሮጅን እትሰርሕ ጃልባ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ ንፈተና ኣብ ባሕሪ ከተንቀሳቕሳ መደብ ከምዘለዋ፡ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ሓቢረን።

እታ 12 ተሳፈርቲ እትሓዝ ንእሽቶ መዛናግዒት ጃልባ፡ ብሃይድሮጅን ኑዳዲ ዝሰርሕ ኤሌክትሮኬሚካዊ ጀነሬተር ዝተገጥመላ ምኳና፡ ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ ንሓይሊ ባሕሪ ሩስያ ዝኸውን ዲዛይን መራኽብ ንዋትን ቴክኖሎጂታትን ዝሰርሕን ኑቲ ፕሮጀክት ዝመርሕ ዘሎን ማእከል ምርምር ግዝኣት ክሪሎቭ ገሊጹ።

በዚ ድማ፡ እዛ ጃልባ፡ ምሉእ ብምሉእ ካብ ወጻኢ ንዝኣቱ ተመሳሳሊ ቴክኖሎጂ ዝተክአት ንፈለማ እዋን ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝፈረየት ኤሌክትሮኬሚካዊ ሃይድሮጅን ጀነሬተር ዘለዋ ናይ ባሕሪ ተሽከርካሪት ኮይና ምህላዋ መሃንድሳት ሩሲያ ኣረጋጊጾም።



## ፕረዚደንት ማልዲቭስ ናብ ህንዲ ይበጽሕ


ፕረዚደንት ማልዲቭስ መሓመድ ሙኢዙ፡ ሃገሩ ምስ ህንዲ ዘጸንሓ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ናብ ንቡር ንምምላሱ፡ ናብ ህንዲ ከምዝኣተወ መንግስቲ'ታ ሃገር ገሊጹ።

ዝሓለፈ ዓመት ናብ ስልጣን ዝመጽአ ፕረዚደንት ሙኢዙ፡ ናይ ሓሙሽተ መዓልታት ምብጻሕ ንምፍጻም'ዩ ኣብ ፈለማ ናይ ወጻኢ ዑደቱ ናብ ህንዲ ኣምሪሑ ዘሎ።

ኣብ'ቲ ርክብ ክልቲኦም ወገናት፡ ኣብ መንጎ ሃገራቶም ዘሎ ዝጸንሐ ምትሕብባር ኣብ ምሕያልን ኑቲ ተበጺሑ ዝጸንሐ ዝምድና ንምምሕያሽን ኣተኩሮም ክዘራረቡ ምዃኖም፡ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ማልዲቭስ ብሰንበት ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሙኢዙ፡ ጸልዋ ህንዲ ንልኣላውነት ሃገሩ ሓደጋ ምኳኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ ህንዲ ወተሃደራታ ካብ'ታ ደሴታዊት ሃገር ክተውጽእ ድሕሪ ምሕታቱን እዩ ዝምድና እተን ሃገራት ተበቲኹ ጸኒሑ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ሱብራህማንያም ጃይሻንካር ብወገኑ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ዑደት ፕረዚደንት ሙኢዙ ንምትሕብባር ማልዲቭስን ህንድን ዓቢ ድርኺት ክኸውን ከምዝኽእል ኣመልኪቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ደንደን | 08/10/24 | ጎደና-117-15፡ ቁ.ጥቓ ሸል ዑቕባ ሃይለሽ | 121140 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services